# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.9 ረቡዕ 11 መስከረም 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ቃል-ቡራኬ

ገጽ 3 መድረኽ ምትሕግጋዝ ቻይናን ኣፍሪቃን (FOCAC)





ገጽ 4





ገጽ 5 ነጥበ መቐይሮ





ገጽ 11 ዩሓል፡ ግልያኡ ኣሕሊፉ...




## ሚኒስትሪ ትምህርቲ ገምጋማዊ ኣኼባ ኣቃኒዑ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ብ4ን 5ን መስከረም ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘቃንዖ ኣኼባ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ኣብ ዞባታት ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት 2024/2025 ዘትዩ።

ሓለፍቲ ክፍልታት፡ ጨናፍርን ኣሃዱታትን ሚኒስትሪ ኣብ ዝተረኽበሉ ገምጋም፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ዞባታትን ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት - ሳዋ፡ ከምኡ'ውን ኣብያተ-ትምህርቲ ማሕበረ-ኮማት ኤርትራውያን ኣብ ስዑዲ-ዓረብን ሱዳንን ጸብጻብ ንጥፈታቶም ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ጸብጻባት፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዝውተር ስራሕ፣ መደብ ትምህርቲ፡ ንዓበይትን ምጥፋእ መሃይምነትን፣ ኣብርክቶ ኮም ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፣ ወጽኢት ሃገራዊ መርመራታት፣ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ብመንጽር ዝበረ ብልጫታትን ብድሃታትን ብዝርዝር ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ተመሃሮ ዝርአ ጉድለት ደስፕሊን ብዝበለጸ ክግምገም፣ ንደቂ-ኣንስትዮ መምህራን ዚጋጥም ናይ መውዓሊ ህጻናት ጸገማት ተፈቲሑ ናብ ደረጃ ሓላፍነት ዝመጽኣሉ መንገዲ ክናደ፣ መደባት ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ክድፋኣሉ፣ ናይ ትሕተ-ቅርጺ ጸገማት ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ምስ ኮማት ብምትሕብባር ክቃለል፣ ዋሕዲ መምህራን ቋንቋ ኣደ ፍታሕ ክናደየሉ ዝብልን ካልእን ለበዋታት ኣሕሊፎም።

ኣብ መወዳእታ፡ ድኻማት ተለልዩ ንምፍዋሱ ዝተጀመረ መደባት ምሕያል፣ ብሀገራዊ ሓደጋ ዝዓዋ ኣብያተ-ትምህርቲ ምጽጋን፡ ብብደረጃኡ ዝወሃብ ስልጠናታት ምውዳብ፣ ከምኡ'ውን ሃገራዊ መርመራታት 8ይን 12ን ክፍልታትን ወጽኢት ተመሃሮን ብዝበለጸ ምግምጋም፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ፍሉይ ኣተኩሮ ክወሃቦ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ወከል ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ብቐዓት ትምህርቲ ንምሕያል፡ ካብ ታሕተዋይ ደረጃ ዝጀመረ ዓይነታዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፡ ንወለዲ ዘሳተፈ ጻዕሪ ክድፋኣሉ ተላቢዩ።





ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

## ዓቃበ መንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ቃል-ቡራኬ ሂቦም





ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ - ዓቃብ መንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ቅዱስ የውሃንስ ቃል-ቡራኬ ሂቦም።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዝነብሩ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ንኣመንቲ ክርስትና ደማ ብፍላይ "እንቋዕ ካብ ዘመነ የውሃንስ ናብ ዘመነ ማቴዎስ ኣብጽሓና" ዝበሉ ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ኣብዚ ንኣትዎ ዘሎና እዋን ጉድለትና ገምጊምና ኣሪምናን ንቕድሚት እንጉዓዞ ጉዕዞ ክኸውን ከምዝግባእ ገሊጾም።

ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ ኣሰዊሮም፡ ካብ ዘሎና ንስኡናት ክንካፈል፣ ንሕዙናት ክንጽናንዕ፣ ንሕሙማት ክንበጽሖን ንዘየረቑ ክንከድንን መንፈሳዊ ግዴታ ከምዘሎና ኣገንዚቦም።

ኣብ መወዳእታ ደማ፡ ሓድሽ ዓመት - ዓመተ ሰላም፡ ዓመተ ራህዋን ዓመተ ቅሳነትን ገይሩ፣ ብጠዕና ኣብቂሉ፡ ብፍላይ ኣብሲሉን ብጾኣብ ኣድራቑን ንዘለዉ እኽሊ ብረኸት፡ ካብ ኮማሪን ኣፋሪን ሓልዩ፡ ፍርያት ክንሓፍስ ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።


(ምሉእ ትሕዝቶ ቃል-ቡራኬ ብጹእነቶም ኣብ ገጽ 2 ኣሎ)


## ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብልዑል መዓርግ ተጸምቢሉ

መበል 63 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጀርመን፡ ደቡብ-ሱዳን፡ ቐጠርን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ብውዕዉዕ ሃገራዊ ስምዒት ተዘኪሩ።

ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት - ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ክብረኣብ ተኽስተ፡ ባሕቲ መስከረም ኩሉ ኣማራጺታት ሰላማዊ ፍታሕ ምስ ተዓጽወ፣ ናይ ምንባር መሰልና ምስ ተሓጥን ህዝብና ኣብ ሓደጋ ምስ ወደቐን፡ ውሑዳት ግን ከኣ ሰብ ራኢ ሓርበኛታት ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመሩላ፣ ኣብ ኤርትራዊ ዓውደ-ኣዋርሕ ከም መዓልቲ ዝኽርን መብጽዓን ዕዙዝ ቦታ ዘለዋ ዕለት ምዃና ገሊጹ።

"ዓለምን ዞባናን ብዓቢጥትን ዘይምርግጋእን ኣብ ዝህወጸሉ ዘሎ ግዜ፡ ኤርትራ ሰላማ ምዕቃባ ፍረ ክብርታት ባሕቲ መስከረም ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ክብረኣብ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራዊ፡ ከም ወትሩ ሓድነቱ ኣትሪሩ ኣብ መደባት ልምዓት ሃገር እጃሙ ከበርክት ተላብዩ።

ኣብ ጁባ - ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ የውሃንስ ተኽለሚካኤል፡ ሓደ መስከረም - ህዝቢ ኤርትራ ብዓመጽ ንዝተኻፍኖ መሰል ብቐልጽሙ ንኸረጋግጽ ንዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝቐለሰ፣ መሰረት ናይ'ቲ ድሕሪ 30 መሪርን ፈታንን ዓመታት ዝተረኸበ ምሉእ ሓርነት ከምዝኾነት ገሊጹ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ቐጠር ኣብ ዝወደብዎ ዝኽሪ መበል 63 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ብዛዕባ ታሪኽን ርዝነትን ናይ'ታ ዕለት መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ሓደ መስከረም - ዓመት መጽኣ ናጽነትናን ልኡላውነትናን ንምውሓስን መደባት ህንጻት ሃገር ንምድንፋዕን ቃልና እንሕድሰላ ከምዝኾነት ኣገንዚቡ።

ኣብ ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብሩ ዜጋታት ብወገኖም፡ ንመበል 63 ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ መብጽዓኦም ንወፋይ ሰራሕን ኣበርክቶን ብምሕዳስ ከምዝጸምበሉ ተሓቢሩ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደባት፡ ብስሑ ጥበባውን ባህላውን መደባት ደሚቑ ነይሩ።



## በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላክ። ዕንቋዕ ካብ ዘመነ ዮሐንስ ናብ ዘመነ ማቴዎስ ብሰላም ኣብጽሓና።

**ወትባርክ ኣክሊለ ዓመተ ምሕረትከ ወይጸግቡ ጠላተ ገዳም፤ ወይረውዩ ኣድባረ በድው። (መዝ ፷፬:፲፩)**

**ኣክሊል ዓመተ ምሕረት ትባርኽ፡ ናይ ምድሪ በረኻታት ጠሊ ይጸግቡ፤ ኣብ ምድረ በዳ ገቦታት ይረውዩ። (መዝ 64፥11)**

ክቡራትን ክቡራትን ኣመንቲ ክርስትና ብሓፈሻ ኣብ ሃገርን ወጻእን እትነብሩ ኩልኹም ኤርትራውያን እንቋዕ ናብ ርእሰ ኣውደ ዓመት ቅዱስ ዮሐንስ ብደሓን ሰላም ኣብጽሓኩም ኣብጽሓና።

ዘመን ሓሊፉ ዘመን ክትካእ ዝገብረ ጐይታ ዘመናት ልዑል እግዚኣብሔር እዩ። (ዘፍ ፩:፲፬-፲፰/1፥14-18)።

ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ኣብ ዓመት ናይ እግዚኣብሔር ዘደንቕ ግብርን ዘይውዳእ ምሕረትን ንርእየሉን ንዝክረሉን በዓላትን ከምኡ'ውን ንዕኡ ነሠምረሉ ኣጽዋማት ዘእወጀሉ ፍሉይ መዓልቲ ኣለዋ። በዚ ዕለት እዚእ ዝተኣወጁ በዓላትን ኣጽዋማትን ድማ ኩሉ ሰብ መንፈሳዊ ኮነ ማሕበራዊ ጉዳያት መደብኡ ይሠርዕ። ካብ ዝኸሰረ ዝያዳ ንኽትዓወት ብሩህ ባይታ ይፈጥር። ናይ ሓድሽ ዘመን ቀዳመይቲ መዓልቲ ስለዝኾነት ርእሰ ዓውደ ዓመት ተባሂላ ትጽዋዕ። ዘመናት ብስም ኣርባዕቴኦም ወንጌላውያን እኳ እንተተጸውዑ እታ ቀዳመይቲ መዓልቲ መለወጢ ዘመን ግና ብስም ቅዱስ ዮሐንስ እናተጸወዐት ትነብር ኣላ።

ዘመን ብዘመን ምትካእ ብእግዚኣብሔር ዝፍጸምን ንደቂ ሰባት ዝተዋህበ ዓብይ መልእኽቲ ዘለዎ እዩ።

ስለዚ ኣብዓላ በዓላትና ወትሩ መግለጺ ሃይማኖትና ክኸውን ይግባእ። እግዚኣብሔር ዘይሠርሓሉ ጊዜ ከምዘየለ ብኣርኣያኡ ዝተፈጥረ ሰብ ጊዜኡ ካብ ሥርዓት ቅድስት ቤተክርስቲያን ወጻኢ ብዘይ ሥራሕ ክሕልፍ ኣይግባእን።

ሓድሽ ዓመት መጺኡ ኢልካ ዓመታት ምቍጻር ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን እንታይ ደኣ ብሞያ ንስሓ ተሓጺብና ብፍቕሪ ተሓዲስና ሓድሽ ልብን ኣእምሮን ክህልወና ይግባእ። (ኤፌ. ፬÷፳፫/4÷23)

ብዘወሰኺ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍትና "ዑቁ እንከ ዘከመ ተሐውሩ ከመ ጠቢባን በጽሒሕ ወኣኮ ከመ ዐብዳን . . . እስመ እኩይ መዋዕሊሁ/ እምብኣር ተጠንቀቑ እቲ ቀንያቱ ክፉእ እዩ እሞ ነቲ ዝተዋህበኩም ጊዜ ብምልኡ ኣብ ረብሓ እናኣውዓልኩም ከም ዓያሹ ዘይኮነስ ከም ለባማት ተመላለሱ" ከም ዝተባህለ ዝኸሰረ ዕድማና ብዅጠኣት፡ ብሸለልትነት ዘኽለፍናዮ ዘመን ከይከውን ጉድለትና ገምጊምናን ኣረምናን ንቐድሚት እንጓዓዝ ጉዕዞ ክኸውን ይግባእ። (ኤፌ. ፭÷፲፭/5÷15)

ኣብ ርእሲ እዚ ድማ በዚ በዓል መንፈሳዊ በረኸት ክንረክብ ምእንቲ፡ እግዚኣብሔር ከም ዝኣዘዘና፡ ንሕና`ውን ካብ ዘለና፡ ንስኡናት ከዕቍብ፡ ሕዙናን ክንናዝዝ ሕሙማት ክንበጽሕን ንዝዋረቑ ክንክድኖም፡ መንፈሳዊ ግዴታ ኣሎና'ሞ ነዚ ሰናይ ተግባር ክንፍጽም እግዚኣብሔር ይደግፈና።

ኣብ መወዳእታ ዘመኑ "ዮሓንስ ተሳዒረ ማቴዎስ ነጊሡ" ዝበሃለሉ ዘመን፡ ኣምላኽ ምሕረት እዚ ሓድሽ ዓመት`ዚ ዓመተ ሰላም፡ ዓመተ ራህዋ፡ ዓመተ ቅሳነት ጌሩ፡ እግዚኣብሔር ንወርኃ ክረምቲ ከምዝባረኾ ብዝናም ኣብቂሉ፡ ብፀሓይ ኣብሲሉ፡ ብንፋስ ኣድሪቑ ንዘዘርኦ እክሊ በረኸት ካብ ነጣሪ ኣፉ ሓልዩ፡ ፍረኡ ክንሓፍስን ከምኡ`ውን ናብ ብርሃን መስቀሉ ብሰላም ከብጽሓና ቅዱስ ፍቓዱ ይኹነልና።

**እግዚኣብሔር ሃገርና ይባርኽ!!!**

**ብፁዕ ኣቡነ ጴጥሮስ (ሊቀ ጳጳስ) ዓቃቤ መንበር**

**ዘኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ**

**መስከረም ፳፻፲፯/ መስከረም 2024**

ዜና

## ኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራን ፖሊስ ዞባ ማእከልን ደም ለጊሶም

ኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራን ፖሊስ ዞባ ማእከልን፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ ብምስሳን ብዝተኻእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ንምድሓን፡ ብ6ን 9ን መስከረም 135 ኣሃዱ ደም ለጊሶም።

ኣባላት ፖሊስ ዞባ ማእከል ብ9 መስከረም ኣብ ዘካየድዎ መደብ ልገሲ ደም፡ ኣብ 8 መደበራት ፖሊስ፡ ፖሊስ ትራፊክን ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ዞባን ከም እተሳተፉ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ኣቶ ካሳሁን ረዳ ሓቢሩ።

እቲ መደብ ብውዱብ መልክዕ ክካየድዎ ካብ ዝጀመሩ፡ ኣብ ዓመት ሓንሳብ እናለገሱ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ኣቝጺሮም ከምዝለዉ ድማ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ መደብ ዝተሳተፉ ኣባላት ብወገኖም፡ ልገሲ ደም ኣብ ርእሲ'ቲ እተረኽቦ ሕልናዊ ዕግበት፡ ኩነታት ጥዕናኻ ንኽትፈልጥ'ውን ከምዝሕግዝ ብምጥቃስ፡ ተመኩሮ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ብምህላዎም፡ ዝወሰድዎ ተበግሶ ንዘኸሰት ሕጽረት ቀረብ ደም ንምቕላል እጃም ከምዘለዎ ገሊጾም።

መደብት ሃገራዊ ባንክ ደምን ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደምን ንምዕዋት፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ተርኦም ክጻወቱ ድማ ተላብዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ8 መስከረም'ውን ኣባላት ትምህርቲ ሰንበት ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ገብርኤል ኣኽርያ 92 ኣሃዱ ደም ከምዘለገሱ፡ ካብ ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።


ሰእሊ. - ዳኒኤል ወልዱ

## ማእከል - ጥሕሰት ሕጋጋትን መምርሒታትን ንምግታእ ናይ ምቍጽጻር ስራሕ ይሰላሰል

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ጥሕሰት ሕጋጋትን መምርሒታትን ንምግታእ ዕዙብ ናይ ምቍጽጻር ስራሕ ይስላሰል ከምዘሎ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ገሊጹ።

ኮሎኔል ተስፋሚካኤል ተስፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2024፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲ፡ ናይ ተጠቀምቲ ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝሰርሑ ህንጻታት፡ ዋጋታት ሃለኽቲን ንብረትን፡ ሕጋውን ዘይሕጋውን ዕዳጋታትን ካልእን ዘተኩረ ናይ ምቍጽጻር ስራሕ ከምእተኻየደ፤ ጉድለት ዝተረኸበን ትካላት ድማ ብጠቕላላ ልዕሊ 10 ሚልዮን ናቕፋ ከምእተቐጽዓ ኣብሪሁ።

መንግስቲ፡ ቢ. ሰንኪ፡ቶም ንተጠቃሚ ሕብረተሰብ ከቕርቦ፡ ንወሃንቲ ትካላት ሕብስቲ ዝተደጐመ ፈኖ ከምዘከፋፍል ዝጠቐሰ ኮሎኔል ተስፋሚካኤል፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዝተገብረ ምቍጽጻር፡ ሚዛን ቢ. ካብ ዘጉደላ 37 ትካላት፡ እተን 5 እገዳ ሓሩጭ ክየብረለን ከሎ 5 ከምእተዓሸጋ፡ ብገንዘብ ድማ ኣስታት 240 ሽሕ ናቕፋ ከምእተቐጽዓ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንዘጥቅማሉ ሚዛን ዘሰንዓ


ሰእሊ. - በረኸት የማነ

3 ትካላት ልዕሊ 326 ሽሕ ናቕፋ፤ ናይ ተጠቀምቲ ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ሒዘን ዝተረኽባ 32 ድኳናት ከኣ 72 ሽሕ ናቕፋ ከምእተቐጽዓ ዝሓበረ ኮሎኔል ተስፋሚካኤል፡ ኣብ 2002 ንዝወጸ ኣዋጅ 'ምኽልኻል ተጠቀምቲ ፈስታል' ዝጠሓሰ 21 ትካላት ብድምር 60 ሽሕ ናቕፋን ከበድ መጠንቀቕታን ከምእተወሰደለን፡ ከምኡ'ውን ጥዕናኡ ዘይተረጋገጸ ጸባን ስጋን ክሸጣ ዝተረኽባ 4 ትካላት ብድምር ክልተ ሽሕ ናቕፋን ኣናይ ሓደ ወርሒ ክዕሸጋን ከምእተበየነለን ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ 36 ባርዕ ሓዊ ኪጋጥም ከሎ 4.3 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ኣብ ንብረት ከምዝወረደ፤ እቲ ልዕሊ 1.3 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ካብ'ዚ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት ኣብ መደበር - ኣስመራ ብዝጋጠመ ባርዕ ኣብ 23 ትካላት ዝወረደ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዜጋታት ምስ ሓዊ ኣብ ዝተኣሳሰር ንጥፈታት ጥንቃቐ ክገብሩ ተማሕጺኑ።

## ዓዲ-ቐይሕ - ሕማም ዓሶ ንምጥፋእ ኣብ ጽሬት ኣከባቢ ብዕቱብ ክሰራሕ ተሓቲቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል፡ ጽሬት ኣከባቢ ክዘውተር ከምኡ'ውን ጣንጡ ክራብሓሉ ዝኽእላ ጉዳጉድን ዕቑር ማይን ክድፈን፡ ኣወሃሃዲ መደብ ህዝባዊ ጥዕና መንእሰይ ኮኾብ ተስፋይ ጸዊዑ።

ሕማም ዓሶ ንምጥፋእ ብዝተኻየደ ጻዕርን ወጽኢቱን፡ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ብኣብነት ካብ ዝጥቀሳ ንኡስ ዞባታት ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ ኣብ ሆስፒታል ካብ ዝሕከሙ ሕሙማት ዓሶ እቶም 70 ሚእታዊት ካብ ካልኦት ን/ዞባታት ዝመጹ ምዃኖም ኣብሪሁ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ ናይ ምክልኻል ንጥፈታት፡ ኣብ መጀመርያ ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት፡ ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ኣስታት 29 ሽሕ ናመሲያ ከምእተዓደለ ዝገለጸ መንእሰይ ኮኾብ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ክብ ንምባል ድማ ኣብ ከተማን ገጠራትን ቀጻሊ ኣስተምህሮታት ከምዝካየድ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ክሳብ 2026 ተርእዮ ሕማም ዓሶ ብ80 ሚእታዊት ንምጉዳልን ብኡ ዝስዕብ መጠን ሞት ናብ ዜሮ ንምውራድን ዝካየድ ዘሎ ስራሕ ንኽሰምር፡ ህዝቢ ምስ ሞያውያን ጥዕና ተወሃሂዱ ክሰርሕ፤ ምልክታት ዓሶ ዝተራእዮ ድማ ተቐላጢፉ ናብ ትካላት ጥዕና ክኸይድ ተማሕጺኑ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.200454-07121322


**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# መድረኽ ምትሕግጋዝ ቻይናን ኣፍሪቃን (FOCAC)

ሰሊማን ኣሕመድ

ቻይና፣ ኖተን ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃ መዝሚዝን ጉዚን ዝሾላ ፖለሲታተን ከሰገድዳ ዝጸንሓ ሃገራት ምዕራብ ብምትኻእ፡ ኣብ መዳያት ወፍሪ፡ ልምዓትን ንግድን ቀንዲ መሓዝን መሻርኽትን




ክትከውን ካብ እትጀምር ድሮ ዓመታት ኣቝጺራ ትርከብ። እታ ዓርሞሸሸ ቁጠባ እትውንን ሃገር ዝተኸተሎቶ ዕዉት ልምዓታዊን ሽርክነታዊን ፖለሲታት ከኣ፡ ኣፍሪቃ ኣንፈታ ናብ በይጂን ከተቕንዕ ደርኺት ዝፈጠረላ ቀንዲ ረቛሒ ምዃኑ ይንገር።

ኣብ 2023 ጥራሕ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ዋጋ 173 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ፍርያት ካብ ቻይና ኣእትየን። ቻይና ብወገና ኣብቲ ዓመት እቲ ዋጋ 109 ቢልዮን ዶላር ጥረ-ነገራት ካብቲ ኣህጉር ከምዝኣተወት፡ ጸብጻባት ይሕብሩ። ብተወሳኺ፡ ቻይና ኖቲ ኣብ 2003 ኣብ ኣፍሪቃ ዝበራ ናይ 75 ሚልዮን ዶላር ወፍሪ፡ ኣብ 2023 ናብ 11 ቢልዮን ዶላር ኣዕቢያቶ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን፡ ካብ 2000 ክሳብ 2022 ኣብ ዝበረ እዋን፡ ን49 ሃገራት ኣፍሪቃን ንሸውዓተ ዞባውያን ትካላት ናይቲ ኣህጉርን ብጠቕላላ 170.08 ቢልዮን ዶላር ልቓሕ ሂባ። ብሓጺሩ፡ ቻይና መዝርርር ዕቤት ኣፍሪቃ ምዃና ዘረጋግጽ ብዙሕ ልምዓታዊን ንግዳውን ንጥፈታት ኣብ ኣፍሪቃ ከተካይድ ጸኒሓን ገና ተካይድ ኣላ። ኖቲ ኣብ ምዕሩይ ሽርክነት መሰረት ዝበረ ዝምድናኣ ብዚያዳ ንምድልዳል ድማ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንሸሞም መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ኣፍሪቃ ዓዲማ ኣብ በይጂን ኣጋዲሲ ዋዕላ ከተካይድ ቀንያ። እዚ ዝምልከት ትሕዝቶ ድማ እንሆ፦

ቻይና ተታሓሒዝና ሓቢርና ንዕበ ዝበል ፖለሲ እያ ትኽተል ዘላ። ሓቢርካ ክትዓቢ ቀዳምነት ዘድሊ፡ ትሕተ ቅርጺ እዩ። እዚ ከዉን ንምግባር፡ ‘መንገድን ቀናትን’ (Road and Belt) ብዝብል ተበግሶ፡ ሃገራት ነንሕድሕደን ከም ዘራኽብ ዝሰርሕ ትሕተ-ቅርጺ ኣዋዲዳ ትርከብ። እዚ ተበግሶ'ዚ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ደስ ዕቢኦን ይትግብራኦን ኣለዋ።

ከተማ በይጂን ካብ እተኣንገደም ኣህጉራዊ ዋዕላታት ዝዓበየ ምዃኑ ዝተነገረሉ 9ይ ዋዕላ ምትሕግጋዝ ሃገራት ኣፍሪቃን ቻይናን (FOCAC)፡ ብ5 መስከረም እዩ ኣብ ኣዳራሽ ቤተ መንግስቲ ‘Great Hall’ ብወግዒ ተኸፊቱ። ኣብቲ መኽፈቲ ፕረዚደንት ቻይና ሺ. ዢንፒንግ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዋዕላ ጥሉል ወቕቲ ክራማት እናሰሐ ይኣቶድ ብምህላው፡ እቲ ክሊማዊ ኩነታት መርኣያ ጸቡቕ መንፈስ ናይቲ ዋዕላ ምዃኑ ኣገንዚቡ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ናይ ምህርቲ ወቕቲ፡ ምስ መሓዛ ቻይና ዝኾና ሃገራት ኣፍሪቃ ዚ. ናይ መኽፈቲ ቃል ከቕርብ ፍሉይ ስምዒትን ጦብላሕታን ከም ዝፈጠረሉ ድማ ወሲኹ ኣብሪሁ።

ምምዕባል፡ ክትሕሾ ዘይትኽእል መሰል ናይ ዝኾኑት ሃገር እዩ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተቐርጸ ናይ ምዕራባውያን ሃገራት ፖለሲታት፡ ንሓያሎ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ክደቑስኝን ከሳቐያንን ከም ዝጸንሐ ዝገለጸ ፕረዚደንት ሺ. ዢንፒንግ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ መንግስቲ ካብ ዝፈጠረለን ዓንኬል ድኽነትን ቁጠባዊ ድሕረትን ወጺአን ናብ ዝለዓለ መድረኽ ምዕባለ ይሰጋገራ ምህላወን ብምምልካት፡ ንዝለዓለ ብልጽግና ክሰርሓ ተማሕጺኑ።

ዝምድና ሃገራት ኣፍሪቃን ቻይናን ንወለዶታት ዝቐጸለ ምዃኑ፡ ኣብ መንጎአን ዘሎ ጂኦግራፍያዊ ርሕቀትን ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣአንን ከይዓገቶ ድማ፡ ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፋ ልዕሊ 24 ዓመታት ብድልዱል መሰረት ይምዕበል ከምዘሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ሺ፡ ናብቲ ዝለዓለ ደረጃኡ ክድይብ ብኽልቲኡ ወገን ጽኑዕ ድሌት ስለዘሎ፡ እዚ ክዉን ከምዝኸውን ፍጹም ጥርጥር ከም ዘይብሉ ኣረዲኡ።

ቻይናን ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ልዕሊ 20 ዓመታት፡ ባህርያውያን ይኹኑ ብሰብ ናይ ወዲ-ሰብ ዝተፈጥሩ ሓደጋታት ንምእላይ ዕሙቕ ዝበለ ምትሕግጋዝ ከካይዳ ከም ዝጸንሓ፡ እዚ ድማ ኖቲ ኣብ መንጎአን ዘሎ - ኣብ ጸቡቕ መንፈስ ዝተሰረተ ሓብራዊ ዝምድና ንምምዕባል ልዑል ደርኺት ከፈጥር ከም ዝጸንሐ እዩ ዝገለጸ።

ዕላማ እቲ ዋዕላ፡ ኖቲ ኣብ መንጎ ሃገራት ኣፍሪቃን ቻይናን - ኣብ ጸላታት ጸዓት፡ ዕደና፡ ክሊማን ካልእን ዘሎ ናይ ወፍሪ ዕድላት ዘቢኻ፡ ተግባራዊ ናብ ዝኾነሉ ስምምዓት ንምብጻሕ እዩ ነይሩ።

ቻይና ከኣ ኮነ ኣብ ኣፍሪቃ እተካይዶ ዘላ ወፍራታት ብዝለዓለ ናህሪ ከም ዝዓቢ ብምግባር፡ ጽላታት ኢንዱስትሪ፡ ሕርሻን ትሕተ-ቅርጺ፡ ንግድን ሕክምናን ምድንፋዕ፡ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ድማ ምሕያል - ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣወራ ጎደና ምዕባለ ምዃኑ ኣገንዚቡ። ተወሳኺ ወፍሪ ብምክያድ ዥም ጽላታት እዚኣቶም ብምዕባይን ዘመናዊ ብምግባርን ከኣ፡ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝለዋ ዝምድና ዚያዳ ንምዕማቕ ድልውቲ ከም ዘላ ገሊጹ።

ናብቲ ዝደለ ደረጃ ምዕባለ ንምብጻሕ፡ ዘድሊ ወፍሪ ኣካይድካ ከተብቕዕ ምዕቡል ትሕተ-ቅርጽን ደረጃኡን ዝሓለዋ ብቑዓት ትካላት ትምህርቲ ምስ ዘይህልዉ፡ ሹቶኻ ክትወቅዕ ከቶ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዝኾነ፡ ናብቲ ክብጽሕ ተደልዩ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ንምብጻሕ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ንምፍራይ ዘድሊ. ትሕተ-ቅርጺ. ከተዋድድ መደብ ከምዝለዋ'ያ ቻይና ትገልጽ ዘላ።

ቻይና፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ - ኣብ ህንጻ፡ ዕደናን ጸዓትን ናይ ኣማኢት ቢልዮናት ዶላር ወፍሪ ከተካይድ ከም ዝጸንሐት፡ እዚ ወፍሪ'ዚ ከኣ ቢበዓሙቱ እናዓበየ ይመጽእ ከም ዘሎ ይንገር።

ኣብቲ ካብ 4 መስከረም ጀሚሩ ንሰለስተ ተኸታተልቲ መዓልታት ዝቐጸለ ርክብ ሃገራት ኣፍሪቃን ቻይናን፡ ብቐዳማይ ደረጃ ዝተሰርዐ ኣጀንዳ - ሓፈሻይ ጸዓት እዩ ነይሩ። ሰፊሕ ዘተ ድማ ተኻይድሉ። ከምዝፍለጥ፡ ቻይና ብደረጃ ዓለም እታ ዝዓበየት ኣፍራዪት ናውቲ ጽሓያዊ ጸዓት እያ። ንኣብነት፡ ኣብ ዓመት 2023 ናብ ዕዳጋታት ዓለም ካብ ዝቐረበ ፍርያት ናውቲ ጽሓያዊ ጸዓት፡ እቲ ኣሰታት ሰለስተ ርብዒ፡ ብቻይና ዝፈረየ ምንባሩ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብዚ ዝምድና ቻይናን ሃገራት ኣፍሪቃን ንምዕማቕ ዝውሰድ ዘሎ ናይ ምትሕግጋዝ ተበግሶ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ መዳይ ንግዳዊ ልውውጥ ምስ ቻይና ዘለወን ዓቢ ጋግ ክመሓረሐ፡ ቻይና'ውን ኣምኃያ ናይቲ ናብ ሃገራት ኣፍሪቃ እተቕርቦ ወፍርን ሰደድን ልዑል መጠን ፍርያት ሃገራት ኣፍሪቃ ክትቅበል፡ ሓደ ካብቲ ተሰፉ ተዘቢሩሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ።

እዚ ናይ ጸምዶ ተበግሶ ንኽልቲኡ ወገን ብማዕረ ዘርብሕ ምዃኑ ዝገልጹ ተንተንቲ፡ ብፍላይ እተን ብዋሕዲ ጸዓት ዝሳቐያ ዘለዋ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ምምጻእ ናይ ተሓዳሲ. ጸዓት ዓቢ. ጸር ክራግፈለን ከም ዝኽእል ይእምቱ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ሰላምን ምርግጋእን ከምኡ ድማ ውሑስነትን ምትእምማንን ምስ ዘይህሉ ናብ ደረጃ ምዕባለ ምብጻሕ ዝከኣል ከም ዘይኮነ፡ ስለዚ ድማ ቻይናን ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብቲ ውሑስ ጸጥታ ብምዃኑ ብደረጃ ዓለም ሰላምን ምርግጋእን ክሰፍን ተበግሶ ክወስዳ እዋኑ ምዃኑ ተሰሚሩሉ።

ቻይናን ኣፍሪቃን ንሓደ ሰፖ ካብ ጠቕላላ ህዝቢ. ዓለም ስለ ዝሓቑፋ፡ ብዚይ ዕቤትን ምዕባለን ናይዘን ሃገራት፡ ዓለማዊ ምዕባለን ዕቤትን ክረጋገጽ ከም ዘይከኣል ድማ ኣብቲ ዋዕላ ተገሊጹ።

ካልእ ኣብ ዋዕላ ቻይና-ኣፍሪቃ ኣተኲሮ ተዋሂቡዎም ዝተዘተየሎም ኣጀንዳታት፡ ጽላታት ትምህርቲ፡ ቴክኖሎጂ ሕርሻን ቴክኖሎጂ ሓበሬታን እዮም ነይሮም። መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ፡ በብውልቂ ምስ ፕረዚደንት ሺ. ጂፒንግ ብምርኻብ፡ ኣብ ሓያሎ ቻይና ዘዓለውቶም ሓብራዊ ናይ ምዕባለ መደባት ዘትዮምን ተግባራዊ ንምግባርም ስምምዓት ከቲሞምሉን።

ብተወሳኺ፡ ሓያሎ መራሕቲ ሃገራት ዝርከቡዎም ወከልቲ ልዕሊ. 50 ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተረኽቡሉ ዋዕላ፡ ቻይና ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላት ዝውዕል 51 ቢልዮን ዶላር ፊናንሲያዊ ሓገዝ ንሃገራት ኣፍሪቃ ክትህብ፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ ናይ ኣማኢት ሚልዮናት ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትገብርን ምዃና ቃል ኣትያ። እዚ ተሰሊዑ ዘሎ ገንዘብ፡ ኣብታ ኣህጉር ልዕሊ. ሓደ ሚልዮን ናይ ስራሕ ዕድላት ክፈጥር ተኽእሎ ከም ዘለዎ ድማ፡ ምስታ ኣህጉር ቀርበት ዘለዎም ክኢላታት ስዑቕጠበ ይገልጹ ኣለዉ።

ካብ 2000 ክሳብ 2022 ኣብ ዝበረ ዓመታት፡ ቻይና ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ልዕሊ. 10 ሽሕ ኪሎ ሜትር ዝዝርጋሕ መንገዲ-ባቡር፡ ክሳብ 100 ሽሕ ኪሎ ሜትር ዝዝርጋሕ ናይ ቀጥራን ጽርግያ፡ ኣስታት 100 ወደባት፡ ልዕሊ. 200 ሽሕ ኪሎ ሜትር ዝዝርጋሕ መስመር ኢንተርነት፡ ልዕሊ. 50 ሜዳ መጻወቲ ኩዑሶ እግሪ (ስታድዮም)፡ ልዕሊ. 200 ብቑዕ መሳለጥያታት ዝተዓጥቃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ከምኡ ድማ ልዕሊ. 130 እኹል መሳርሒታት ዝተማልኣሎም ሆስፒታላት ከም ዝሃነጸት ይንገር።

ፕረዚደንት ቻይና ሺ. ዢንፒንግ፡ ምስ'ቶም ኣብቲ ዋዕላ ክሳተፉ ዝመጹ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ክልተኣዊ ርክብ ብምክያድ፡ ሓያሎ ስምምዓት ከም ዝኸተመ'ውን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ቀደሚ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት መኽፈቲ ናይ'ቲ ዋዕላ ጥራይ፡ ፕረዚደንት ሺ. ዢንፒንግ፡ ምስ መራሕቲ ኤርትራ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ጊኒ፡ ሰሸልስ፡ ጂቡቲ፡ ቶጎ፡ ኮሞሮስ፡ ማሊ፡ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ካልኦት ሃገራትን ርክባት ኣካይዱ።

ኣብቲ ቀደምን ድሕርን መኽፈቲ ናይቲ ዋዕላ ዝተኻየደ ክልተኣዊ ርክባት፡ ቻይና ምስ 33 ሃገራት ኣፍሪቃ ናጻ ንግዳዊ ምልውዋጥ ክትገብር ከም እተሰማምዐት ምንጭታት ይጠቕሱ።


ቀደሚ እቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሺ. ዢንፒንን ተራኺቦም ኣብ ዝዘተዩሉ ኣጋጣሚ፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ካብ ስትራተጂያዊ ናብ ንዊሕ ዝጠምተ ፖለቲካውን ሓድሕዳዊ ምትእምማንን ዘለዎ፡ ከምኡ'ውን ናብ ግብራዊ ምትሕግጋዝ ብምስግጋር ሓብራዊ ምዕባለ ንምምዝጋብ ከም ዝጽዕሩ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ብፍላይ ድማ ቻይና ምስ ኤርትራ ኣብ ጸዓት፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ሕርሻን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጽላታትን ዘለዋ ምትሕግጋዝ ከተሐይል ድልውቲ ከምዝኾነ፡ ፕረዚደንት ሺ. ገሊጹ።

ዋዕላ ሃገራት ኣፍሪቃን ቻይናን (FOCAC)፡ ኣብ መንጎ ቻይናን ኣፍሪቃን ዘሎ ምሕዝነትን ሽርክነትን ንምሕያል ዓሊሙ ኣብ 2000 ዓ.ም ዝተበገሰ መድረኽ ምዃኑ ይፍለጥ።

እዚ ድሕሪ ዓለማዊ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ንፈለማ ግዜ ብ4 መስከረም ዝጀመረ ዋዕላ ቁጠባዊ ምትሕሕጋዝ ኣፍሪቃን ቻይናን፡ እቲ ዝዓበየ ዲፕሎማስያዊ ፍጻመ ምዃኑ ይግለጽ። ኣብቲ ዋዕላ፡ ብወገን ቻይና ልዕሊ. 300 ኣባላት ሰልፊ ዴሳዊ ክሳተፉ እንከለዉ፡ ብወገን ኣፍሪቃ ድማ 40 መራሕቲ ሃገራትን 10 መራሕቲ መንግስታትን ዝርከቡዎም ወከልቲ ልዕሊ. 50 ሃገራት ተሳቲፎም። ብተወሳኺ፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ኣፍሪቃን ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ከምኡ'ውን ብዙሓ. ዘለዎም ካልኦት ሰብ-ስልጣንን ዲፕሎማስኛታትን ተረኺቦም ነይሮም።








**ሎሚ ኣብ ERI-TV**

ሎሚ በዓል ቅዱስ ዮሃንስ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራ፣ንኩሉኹም ርሑስ በዓል ክኾነልኩም እናተመነየ፡ ናይ'ዚ ዕለት'ዚ መደባትና ካብ ሰዓት 09፡00 ንግሆ ጀሚሩ ብቐጥታ ብዝፍኖ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ኣበዓዕላ ቅዱስ ዮሃንስ፡ ከምኡ'ውን ብፍሉይ ነዚ ኣጋጣሚ ብዘንጸባርቕ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ክስነ ምዃኑ ንሕብር።

# ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና


















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ - ኣኽሊሉ ዝርእዝጊ

# ኣገንክሮ

ማርታ ክብሮም

## እታ 'ዝተረገመት ማኪና'

ማኪና ጀምስ ዲን 'እታ መርገም ዘለዋ ማኪና' እናተባህለት እያ ትጽዋዕ ነይራ። ዲን 'ፖርሽቾ 550 ስፓይደር' ዝሰማ መቕዳደሚት ማኪና ኣብ 1955 ዓደገ። ዲን ነታ ማኪና ክዘውራ ምስ ጀመረ፡ ኣሌክ ጉይነስ ዝተባህለ ፈላጡኡ ነታ ማኪና ክዘውራ ከም ዘይብሉ እንተ ዘይኮይኑ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ከም ዝሞውት ነገሮ። እሞ'ኸ ትንቢት ጉይነስ ተፈጺሙ ዶ?

ዲንን መካኒክ ናይታ ማኪና ዝኾነ ጀርመናዊ ሮልፍ ወይቱሪቸን ናብቲ ኣብ ስፓይደር ዝዳደ ውድድር ቅድድም ማኪና ይኸዱ ነበሩ፤ እታ ማኪና ድማ ሃንደበት፡ ካብ ቁጽጽሮም ብምውጻእ ምስ ካልእ ማኪና ተጋጨወት። ዲን መሰበርቲ ክሳድ ኣጋጠሞ ኣብ ወተሃደራዊ ሆስፒታል ፓሶ ሮብለስ ክእለ ድሕሪ ምጽናሕ ከም ትንቢት ጉይነስ ኣብ ሰሙኑ ሞተ።

መካኒክ ናይ'ታ ማኪና ወይቱሪቸን



ማስበርቲ መንጋጋን ካልእ ፈኩስ መጉዳእትን ጥራይ እዩ ኣጋጠምዎ። ድሕሪዚ ሓደጋ፡ እታ ማኪና ናብ ጆርጅ ባሪስ ዝተባህለ ሰብ ተሸጠት። ካልእ መካኒክ ነታ ማኪና ካብ ካልእ ዓብይ ማኪና እናኣውረደ ከሎ ድማ፡ ናብኡ ገጻ ስለዘወደቐት ክልተ እግሩ ተሰብረ።

ባሪስ ወላ'ኳ ቡታ ማኪና ጽቡቕ ስምዒት እንተ ዘይተሰመዖ፡ ንክፋላት እታ ማኪና ገማግሆ ግና ንኽልተ ናይ መወዳደርቲ ማኪና ተጠቒሙሉ። እቶም በዘን ክፋላት ናይ'ዛ ማኪና እተገጠማለን ማካይን ዝወዳደሩ ዝነበሩ ሰባት፡ ኣብ ውድድር ከለዉ ማካይኖም ካብ ቁጽጽር ወጺኢ ብምኻዳ እቲ ሓደ ሽዑ ንሽዑ ክመውት ከሎ፡ እቲ ሓደ ግና ብኸቢድ ተሃስዩ ካብ ሞት ንስክላ ኣምለጠ። ኣብቲ ውድድር ድሕሪ'ቲ ሓደጋ፡ ሓደ ቁልዓ ንመዘወሪ ናይታ ማኪና ሰሪቑ ሒዝዎ እናኸደ ከሎ፡ ሸተት ኢሉ ስለ ዝወደቐ፡ ቅልጽሙ ብኸቢድ ተሃርመ።

ድሕሪዚ፡ ባሪስ ነታ ማኪና ንጽቡቕ ክጥቀመላ ብምሕሳቡ፡ ነታ ማኪና 'ኣገዳስነት ውሕስነት ኣውቶሞቢል ማኪና' ንዘዕብል ኣርእስቲ ንምግላጽ ክጥቀመላ ወሰነ። ድሕሪ ገለ መዓልታት እታ ማኪና ኣብ ጋራጅ ከላ፡ ኣብቲ ጋራጅ ባርዕ ሓዊ ኣጋጠመ። እንተኾነ እታ ማኪና ጥራይ በቲ ቃጸሎ ዘይተተንከፈት ነበረት።

ድሕሪዚ እታ ማኪና ብመልክዕ ኤግዚቢት ንኽትተሓዝ ናብ ከተማ ሳክራመንቶ ተወሰደት። እንተኾነ፡ ካብቲ ዝተቐማጠትሉ ወዲቓ ንሓደ መንእሰይ ምሕኳልቱ ሰበረቶ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ቦታ መጺኡ ኩሉ ዝተንከፉ ሰብ ገለ ካብ ክፋል ኣካላቱ ይቑስል ነበረ። ሕጂ'ውን ካብዚ ቦታ ክግዕዝዋ ኢሎም ኣብ ዓብይ ናይ ጽዕነት ማኪና ምስ ጸዓኑዋ፡ ካብኡ ናብ ጆርጅ ባርኩየስ ዝተባህለ ሰብ ብምውዳቓ ሽዑ ንሽዑ ሞተ።

ነዛ 'ንእሽተይ ሰይጣን' ኢሎም ክጽውዕዋ ዝጀመሩ ማኪና ንኤግዚቢት ናብ ሚያሚ-ፍሎሪዳ ወሰድዋ። ሕጂ ሰብ ካብ ምቕታል ዘዕረፈት መሰለት። እታ ማኪና ኣብዚ ቦታ ቀሩብ ግዜ ድሕሪ ምጽናሓ ናብ ሎስ ኣንጀለስ ተወሰደት። ኣብ 1960 ግና፡ እዛ ማኪና ኣብቲ ዝተቐማጠቶ ኣይጸንሐትን፤ ክሳብ ሎሚ ድማ ኣሰራ ክርከብ ኣይተኻእለን።

## ምስጢር ደሴት ኦክ

ደሴት ኦክ ኣብ ወሰመጥ ገምገም ባሕሪ ኣትላንቲካዊ ኖቫ ስኮትያ- ካናዳ ትርከብ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ጫካ ናይዚ ደሴት ብዙሕ ሃብቲ ተቐቢሩ ከም ዘሎ እዮም ዝኣምኑ። ኣብ 18 ዘመን ኤውሮጳውያን ኣብዛ ደሴት መዓስከር ተኸሊም ኣብኣ ይቕመጡ ነበሩ።

እዚ ዛንታ ካብ 18 ዘመን ዝጀመረ ኮይኑ ክሳብ ሕጂ ድማ ዝቐጸለ ዘሎ እዩ። ካፒተን ኢድ ከም'ኡ'ውን ኢድዋርድ ንትካላት ሰሊያ ከም ዝሓብርዎ፡ ብዙሕ ጽሑፋት ሽክስፒር ኣብኡ ተቐቢሩ ከም ዘሎ ይገልጹ።

ኣብ ደሴት ኦክ ግና እዚ ጥራይ ዘይኮነ ካልእ ብዙሕ ምስጢራት ከም ዘሎ'ውን እዩ ዝግለጽ። እዛ ደሴት ካብ ትምህርቲ ኣትሒዛ ብቐያሕቲ ኣግራብ ዝተመልኣት እያ ነይራ። (ናይዚ ከም ምኽንያት ክግለጽ ዝከኣል ኣብ 1800 ጸለምቲ ጻጸ ዝዓም ኣግራብ ኦክ ከም ዘሰውዎን ብሰንኩ ድማ ሎሚ እዛ ደሴት ብቖጥቋጥ ከም ዝተመልኣትን ይገልጹ።

ታሪኽ ናይዛ ደሴት ብዘንታታት ምትሃትን ዘፍርሑ ብርሃናትን ዝተመልአ እዩ። ኣብዚ ቦታ ወላ'ኳ ብዙሓት ሰባት ኩዕታ እንተ ኣካየዱ ዝኾነ ክረኽብዎ ዝኸኣሉ ነገር ግና የለን።

ኣብታ ደሴት ቀዳማይ ዝተኻየደ ምርምር ካብ 1762-1765 ኮይኑ፤ ንታሕቲ ክሳብ 2 ኪሎ ሜተርን ፈረቓን እዩ ተኳዒቱ።

ብዙሓት ኣብ ሽ ኩዕታ ዝጸንሑ ኣባላት፡ ኣብዛ ደሴት ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ሓደ ዓቢ ጋህሲ 'ብዙሕ ገንዘብ' ተቐቢሩ ከም ዘሎ እዮም ዝኣምኑ።

ኣብ 1795 ዳኒኤል ገኒስ ዝተባህለ ኮቴት ኣብ ገዛኡ ከሎ ብርሒቕ ኣብ ሓደ ቦታ ሓደ ፍሉይን ዘይልሙድን ብርሃን ረኣየ። ድሕሪዚ ምስ ክልተ ኣዕሩኽቱ ብምኻድ ናብቲ ጫካ ከዱ። ኣብኡ ምስ በጽሑ ሓንቲ ከቢብ ቦታ ካብቲ ካልእ ፍልይ ዝበለት ረኸቡ። ባዴላን ኣፍራዛን ተጠቒምም ንታሕቲ ቀሩብ ምስ ፈሓሩ ሓደ ብጣውላ ዝተሰርሐ መኽደኒ ዝመስል ነገር ረኸቡ፡ በቲ ዝረኸብዎ ተሰፊ ገይሮም መሊሶም ክኹዕቱ ጀመሩ። ሕጂ'ውን ቀሩብ ምስ ኩዓቱ ከምቲ ኣቐዲሞም ዝረኸብዎ ጣውላ ረኸቡ። ከምዚ እናበሉ ዓሰርተ ጣውላ ዝመስል መኽደኒ ክሳብ ዝረኸቡ ምኹዓቶም ቀጸሉ። ድሕሪዚ ግና፡ ተሰፋ ስለ ዝቖረጹ ነቲ ብምስጢር ሒዞም ዝነበሩ ጉዳይ ካብኦም ንዝዓበዩ ሰባት ክሕብሩ ወሰኑ።

ድሕሪዚ ብዙሓት ተመራመርቲ ካብ ሓሳብ ናይዞም ኮቴታት ብምብጋስ ኣብዚ ቦታ ብዙሕ ዝተቐበረ ሃብቲ ክህሉ ከም ዝኽእል ብምሕሳብ ብማሽነሪታት ተሓጊዞም ኩዕታ ክካይዱ ጀመሩ።

ኣብ መጀመርታ ናይ ኩዕታ ፈተነ 90 ጫማ ዕምቈት ኣብ ዘለዎ ቦታ ሓደ ዝተወቐረ ዓቢ እምኒ ተረኸበ። ኣብቲ እምኒ ድማ ብኮድ ዝተጻሕፈ ጽሑፍ ነበረ። ነዚ ጽሑፍ ብዙሓት ተመራመርቲ ክትርጉምዎ ፈቲኖም እዮም፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ግና፡ ከምዚ ዝስዕብ ተተርጒሙ- "ካብዚ 43 ጫማ ንታሕቲ ምስ እትኸዕቱ ክልተ ሚልዮን ፓውንድ ገንዘብ ተቐቢሩ ኣሎ።"

ብዙሓት ካምፓኒታት በዚ ዝተተርጎመ ጽሑፍ ተተባቢዖን ንኽልተ ዘመናት ምሉእ ምዕቡል መሳርሒታት ኣዋዲደን ብዙሕ ሜትራት ንታሕቲ መማስ ኩዓታ፡ ኣገዳ ብርቱዕ ዝናብ ይዛርም እሞ እቲ ጉድጓድ ድማ ክሳብ ኣፉ ይመልእ ነበረ። እቶም ኣብቲ ቦታ ኩዕታ ዘካይዱ ዝነበሩ ሰባት ድማ እዚ ደሴት ክሓብኦ ዝደለየ ምስጢር ከም ዘሎ ኮይኑ ይስምዖም ነበረ። እዚ ኩዕታ ወላ'ኳ ብዙሕ ግዜ እንተ ተኻየደ እቲ ዝናብን ዕልቕልቕን ድማ ቀጺሉ ይስዕቦም ነበረ።

ሎሚ ኩላ እዛ ደሴት በቡሓንቲ ስለ ዝተኻዕተት ቅርጺ እዛ ደሴት ምሉእ ብምሉእ ተቐይሩ ይርከብ። እተን ኣብዚ ቦታ ኩዕታ ዘካየዳ ትካላት ተሰፋ ቆሪጸን እየን።

ኣብ 1960፡ ዳን ብላንከንሺፕን ዴቪድ ቶብያስን ዝተባህሉ ሃብታማት ሰባት ነታ ደሴት ገዚኦም፡ ንውልቃዊ ጥቕሞም ይጥቀሙላ ኣለዉ። ግድል እዛ ደሴት ግና ክሳብ ሎሚ ኣይተፈትሐን።



## ካብ ኣገረምቲ ወግዕታትን ልምድታትን ኣህዛብ

• ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ህጻናት ሓሙሽተ ዓመት ምስ መልኡ፤ ኣልኮላዊ መስተ ክሰትዩ ይፍቀዶም እዩ። እዚም ቈልዑ ወላ'ኳ ኣብቲ ሽዑ ዕድሚኦም ኣይጀምሩ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 13-17 ምስ በጽሑ ግና፡ ብጉጅለ ተኣኪቦም ናይ ምስታይ ልምዲ ኣለዎም። ኣመሪካውያን ግና፡ ሕጋዊ መስተ ዝጅምሩሉ ኣብ 21 ዓመቶም እዩ።

• ኣብ ፖርቱጋል፡ ቅዲ ኣመጋግባ ካብ ካልእ ዓለም ፍልይ ዝበለ እዩ። ንሓደ ሰብ ንምሳሕ ምስ እትዕድሞ፡ እናተመሳሕካ ኮፍ ኢልካ ኣይተዕልልን ኢኻ። እቲ ንምሳሕ ዝዓደምካዮ ሰብ ልክዕ ኣብ ሰዓቱ ድሕሪ ምምጻኡ፡ ካብ 15 ደቓይቕ ኣብ ዘይበዝሐ ግዜ ተመጊቡ ምስ ወድአ፡ ብቕልጡፍ እዩ ካብ'ቲ ገዛ ዝኸይድ።

• ኣብ ዝርላንድስ፡ ክትዛረብ ከለኻ ብጀካ እቲ ምሳኻ ዝዘራረብ ዘሎ ካልእ ሰብ ክሰምዓካ የብሉን። ወላ ኣብ ጎደና ክልተ ዝዘራረቡ ሰባት ኮፍ ኢልካ'ውን ዝዘራረብዎ ብፍጹም ክትሰምዖ ዘይከኣል እዩ። ህዝቢ ዳች ኩሉ ኣካይድኦም ስቱር እዩ።

• ኣብ ኒውዚላንድ ኣብ ውሽጢ ገዛ ብዘይ ጫማ ናይ ምንቅስቓስ ልማድ ኣሎ። ህጻናት'ውን ካብ ግዜ ህጻንነቶም ኣትሒዞም ጫማ ከይወደዩ እዮም ዝዓብዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ'ውን ብዙሓት መማህራን ብዘይ ጫማ ክምህሩ ይረኣዩ እዮም።

• ኣብ ባህሊ ቻይና፡ ንቐረብትኻ ልዙብ ወይ ልኡም ቃል ምጥቃም ልሙድ ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ቃል እንተ ጠቒምካ፡ ዘዃኽዮም ኮይኑ እዩ ዝስምዖም። ንኣብነት፡ ንሓደ ካብ ኣባላት ስድራኻ ወይ ኣዕሩኽትኻ 'የቐንየለይ፡ ኣዝዩ እየ ዘመስግነካ...ወዘተ" ዝበል ቃል ኣይትጥቀምን ኢኻ።

• ኣብ ጀርመን ስብርባር ዕትሮታትን ካልእ ስብርባር ነገራትን ቅድሚ ዕለት መርዓ ኣብ ኣፍደገ ገዛ መርዓት ምስባሩ ልሙድ እዩ። እዚ ድማ፡ ጽቡቕ ዕድል ከም ዘምጽኣሎም እዮም ዝኣምኑ። ኣብዚ ናይ ምስባር ግዜ ግና፡ መስትያት እንተ ሰይሮም 7 ዓመታት ሕማቕ ዕድል ከም ዘምጽኣሎም ስለ ዝኣምኑ ኣይሰብሩን እዮም።



• ኣብ ዝርላንድስ 'ሃጀልስላግ' ዝበሃል ህቡብ ቁርሲ ኣለዎም። እዚ መግቢ ብቾኮሌትን ጠስምን ዝስራሕ እዩ።

• ኣብ ኖርወይን ዝበዝሓ ሃገራት ስካንዲንቭያን ምስ ዘይትፈልጦ ሰብ ናይ ምዝራብ ልምዲ የለን። ዝኾነ ዘዛርብ ነገር ምስ ዘጋጥም ድማ ኣብ ክንዲ ቃላት ኣካላዊ ቋንቋ እዮም ዝጥቀሙ።

• ኣብ ዝበዝሐ ክፋላት ኤስያ፡ ክሳብ ትምርያ ምስ ስድራ ቤትካ ክትቅመጥ ትኽእል ኢኻ። ምስ ተመርዓኻ፡ ኣብ ሓንቲ ህንጻ ምስ ስድራ ቤትካ ምቕማጥ ግና ልሙድ ኣይኮነን።

• ኣብ ገለ ክፋላት ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ሰላም ኣብ ትብለሉ ግዜ ደቒቕካ ነቲ ሰብ እግሩ ናይ ምትንካፍ ልማድ ኣሎ። እዚ ከም መግለጺ ክብረት እዩ።

• ኣብ ሜክሲኮ፡ ንዓበይቲ ኣብ 'መእለዪ ኣረጋውያን' ናይ ምእታው ልምዲ የለን። ንስድራ ቤቶም ብህይወት ክሳብ ዘለዉ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ከም ዘለዎም እዮም ዝኣምኑ።

• መንእሰያት ቀቢላ ቮናቱ 100 ጫማ ቁመት ካብ ዘለዎ ገዛ ካብ ናሕሲ ንታሕቲ ናይ ምንጣር ልምዲ ኣለዎም። እዚ ልምዲ ካብ ደቡብ ፓስፊክ ዝመጸ ኮይኑ ንትብዓትን ንሞት ዘለካ ድሉውነትን ዘርኢ እዩ።


• ኣብ ግብጺ ናይ መግቢ ግብጃ ተዓዲምካ ኬድካ ጨው ምሕታት ከም ነውሪ እዩ ዝቖጸር። እትምገቦ ዘለኻ መግቢ ወላ ጨው ይውሓዶ ሰቕ ኢልካ ክትምገቦ ኣሎካ፤ ምኽንያቱ ጨው ክትወሃብ ምስ እትሓትት ትጸርፎም ከም ዘለኻ ስለ ዝቑጸር።

• ኣብ ኢንዶነዥያ ቀረባ ቤተሰብካ ምስ ዝመውት ካብቲ ዝሰምዓካ ሓዘን ንላዕሊ እቲ ዘጋጥመካ ቃንዛ እዩ ዝርአየካ፤ ቀረባ ቤተሰብካ ምስ ዝመውት፡ "መንፈስ ኣቦሓጎታትና" ንምፍዋስ ብዝብል ብሂል፡ ናይቲ ዝሞተ ዘመድ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ሓንቲ ካብ ኣጻብዕታ ክትቖርጽ ትግደድ።

• ኣብ ቬንዙዌላ ኣብ ግዜ ቈጸራ ኣብ ሰዓትካ ምምጻእ ስግንጢር እዩ ዝቑጸር፤ ቀልጢፍካ ምምጻእ ከም ህዉኽን ስሱዕን ስለ ዝቑጽረካ ብውሕዱ ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ደንጕኻ ክትመጽእ ኣሎካ።



# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ትዕግስቲ እምሃር ኣለኹ....

*15ሸነ 2012*

*1:30 ድ.ቐ.*

ክት-ክት ዘብል ዛሕሊ ይወድቕ ኣሎ። ጽቡቕ ዝናብ ክዘንብ ጸኒሑ። ዝጸሓየ መሲሉኒ ካብቲ ኣዕቂለሉ ዝነበርኩ ገዛ ወጺአ፡ ኣንፈተይ ናብ ገዛይ ምስ ገበርኩ እንደገና ክሃርም ጀሚሩ። ኣብ ዓድና ኩሎም መሳቶይ ንኣመጻጽኣን ኣካይዳን ዝናብ ከለልዩ ኣይሸገሩን እዮም። ኣነ'ሞ ብግምት "ከምዚ'ዩ" ክብሎ የሸገረኒ ነይሩ። ገና ክሳዕ ሕጂ ዳርጋ ከምኡ ኣለኹ። ነፊሱ'ዩ እናበልኩ እንክለኹ'ዩ ኣርኪቡኒ። ቍሩብ ከዕቅለላ ዝኽእል ገበላ ምስ ረኸብኩ ኣብኣ ኣዕቂለ። ደጊሙ ዝሕል ምስ በለ ነቒለ። ኪፍ-ኪፍታ ኣብ ዝባነይ እናዓለበ ገዛይ በጺሐ። ኣብ ዝባነይ ዝነበረ ክዳውንቲ ኣውጺአ ቀይርኩዎ። ተደራሪበ ኸኣ ኮፍ በልኩ።

ሰዓት ምሳሕ ኣኺሉ ነይሩ። ብዛዕባ ምሳሕ ከይሓሰብኩ'የ መጺአ። ማይ እናሃረመ ዝብሩሁኒ ወግዒታት ኣለው። ገሊኦም ክድቅሱ ባህ ይብሎም፣ ነዚ ዝናብ ኣብ መስኮት ኰይኖም ክዕዘቡ ዝደልዩ ኣለው፣ ነብሶም ክሕጸቡ ዝብርሆም'ውን ኣለው። ዝበዝሐ ሰብ ከኣ ኣብ ጓሃርሃር ዝብል ሓዊ ከቢቡ፡ ኣብ ፋርኔሎ ሸዊት ዕፉን ክጠብስ ባህ ይብሎ። ቶግ-ቶሮግሮግ ክብል እንክሎ፡ ባህ ይብሎም። ኣነ'ውን ነዚኣስ ኣይጸልኣን።



ምሉእ መዓልቲ ዳርጋ ቃል ኣየምሎቐኩን ውዒለ። ከምዚ ዓይነት ትዕግስቲ ገይረ ኣይፈልጥን። ስቕ! በቃ ስቕ። ንምንታይ ስቕ ኢለ ሃንደራእ ኢለ ዝምልሶ ምላሽ ዋላ ኣይሃልወኒ፡ ከምኡ ምኽኣለይ ባህታ ፈጢሩለይ። "ትዕግስቲ" ብቓል ጥራይ ዘይፈልጣ የለን። ኣብ ውሽጡ ኣዕሚቑ ኣስተንቲኑ ዝነብራ ግን ውሑድ'ዩ። መጽሓፍ "ሲድሃርታ" ቅድሚ ዓመት ካብ ዘንበባ ኣትሒዘ ብዝዓባ ትዕግስቲ ብዙሕ ግዜ እሓስብ እየ። ካብቲ ሸልቀ ዝኾነ ዋዒየይ ዘመሓየሸሉ ትምህርቲ'የ ረኺበ። ክዕገስ ከም ዝኽእል ተማሂረ። እዚ ናይ ሎሚ ምሉእ መዓልቲ ብዘይ ዝኾነ ቃል ምውዓለይ ከኣ ናይዚ ኩሉ ግዜ ዝሓሰቦ ንእሽተይ ለውጢ ኰይኑ ተሰሚዑኒ። በዚ ኸኣ ትም ምባለይ ፈትየዮ። ኣደ "ክንምሳሕዶ" ክሳዕ ትብለኒ ትም ኢለ ነይረ። ምሉእ መዓልቲ ከምኡ ኢለ ክውዕል ከም ዝኽእል ኣሚነ። ግን ብዘይ ምኽንያት ትም ምባል እንታይ ትርጉሙ። ምናልባት ዘይረኣየኒ ኣሉታዊ ሸነኽ ይህሉዎ ይኸውን። እንተወሓደ ተነጽሎ ከይስመዓኒ የፍርሓኒ እዩ።

"እንታይ'ዩ ምሳሕ ኣደ?" ገጸይ ካብቲ ዝነበሮ ኣንፈት ከይኣለኹ ሓተትኩዋ። ኣብ ሓደ ነገር ቀው ኢልካ ምጥማት እንታይ ሓይሊ ይህልዎ ይኸውን። ማናልባት ኣብ ኣድህቦ ወይ ኣዕሙቑካ ምንባብ ይሕግዝዶ ይኸውን። ብዛዕባ ዝኾነ ካልእ ኣብ ውሽጠይ ከይሓሰብኩ ቀው ኢለ ኣብ ሓደ ክቐውም ዝኽእል ኰይነ። ንኣደይ'ውን ካብ ጠመተይ ከይተኣለኹ'የ ዝሓታ ነይረ። "ቋንጣ'ያ ሸደነይ!" ብርግጽ ኣደ ከምኡ ክትብለኒ እንከላ ደስ ከም ዝብለኒ እናፈለጠት እያ።

"ሽሮ ኳዕ ኣቢልኪ ግዳ ዘይተምስሕና፡" ኢለያ።

"ዋይ ወደይ! ቋንጣ እንክለካስ ሽሮ!?" ገሪሙዋ ኣደ።

"ግደፊ ደኣ ኣደ፡ ኣብዛ ሰዓት ሽሮ ትበለጸኒ። ሽሮ ከመይ ዝበለ ምስጢር ድዩ ዘለዋ መስለኪ። ጥራይ ጀምርያ'ምበር እተን ምስጢር እርይ ቀጽር ኣቢለ ከዕልለኪ'የ። ምስኣ ቡን፡ ሸዊት ዕፉን ከኣ ቁርሲ ቡን ክንጠብስ ኢና፡" ኢለያ።

"ሕራይ ሸደነይ! ጠሚኻ ደኣ ኣይትሃሉ'ምበር፡" ኢላ ሽሮ ክትሰርሕ ጀመረት። ትዕግስቲ ካብ ነገር ምእላይ ጥራይ ኣይኰነን። ከብድኻ'ውን ትዕግስቲ የድልያ እዩ። ኣደ እንታይ ትሓስብ ትህሉ ኢለ ሓሲበ። እዚታት ምእዛዘይ ገሪሙዋ ይህሉ። ምስ ብዙሕ ነገር ከም እተተኣሳሰሮ ርጉጽ ወሲደዮ። እዚ ባዕለይ ዝኣለምኩዎ ምስጢር ናይ ሽሮ እንተ ሰሚዓ'ሞ "ወደይ ዓቢዱ'ያ" ክትብል። ሽሮ እንታይ ምስጢር ከይትጽበየላ ኢላ። ዋላ ኣብ ትሕዝቶ ካብ ሽሮ ዝርከብ እንታይ ክህሉ ኢሉ። መጀመርታ ክትእለኽ እያ። ምስቲ ማይ ዝኸይድ ትሕዝቶ ኣይሰኣንን'ዩ። ክትስጣሕ እያ፣ ጸሓይሲ ጽልዋ ዘይብላዶ ክኸውን ኢሉ። ሽው ክትቅሎ እያ። ሓዊ ኸኣ ሰናፍ ኣይኰነን። መሊሳ ኣብ ጸሓይ ክትስጣሕ እያ። ሽው ክትጠሓን እያ። ተነፍያ ኸኣ መሊሳ ብሓዊ ክትበስል እያ። እዚ ኹሉ ሓሊፋ ክትብላዕ እንከላስ እንታይ ክተርፋ ኢሉ።

ማይ እናሃረመ ውዕይቲ ጸብሒ ሽሮ'የ ዝፈቱ። ድሕሪኣ ኸኣ ብሸዊት ዕፉን ዝተሰነየት ቡን። ሎሚ ነዚኣን እተሰኒ ነገር ደልየ ነይረ፣ ትም! ኣደ ክንደየናይ ስቕ ከይተብለኒ'ምበር ትም ኢልካ ትበልዕ፡ ትም ኢልካ ትጫጭፍ፡ ትም ኢልካ ኸኣ ቡንካ ትሰቲ። ዝንቀሳቐስ ቀብኣ ምመሰልና። ኩሉ መጽሓፍ ቀዳዊኻ ኣይኰነን። እዚ ካብዛ መጽሓፍ ዝረኸብኩዎ ኣስተንትኖ እዩ። ዝበጻሕኩዎ ነገር የለን። ግን ከምኡ ባህ ኢሉኒ። ብሓቂ ግን ትዕግስቲ ብግብሪ እማሃራ ኣለኹ። ድሮ'ውን ምስ ትዕግስቲ ኣተኣሳሲረ ንኣደ ክገልጸላ ሓሲበ። ግን ብሻቕሎት ከየሕምማ ፈሪሐ።

"ኣንታ ሸደን ወደይ፡ እዞም ማይ-ነፍሒስ ሓዱሽ ቈለ ኣልጊቦምዶ ሰዲዶሙለይ?" በለትኒ እናሰሓቐት። ኣነ'ውን ስሒቐ። እዋእ ሓቃ'ያ። ካብ ማይነፍሒ ዝተማላእኩዎ እዚ ጥራይ ኣይኰነን። ብዙሕ ነገር'ዩ። እቲ ዝበዝሐ ኣብ ህይወተይ ክትርእዮ እያ። ዳርጋ ሸዱሽተ ወርሒ'የ ገይረ ዓዲ ካብ ዘይወርድ። "ናይ ማይነፍሒ ኣይኰነን ኣደ፡ ናፍቖት'ዩ፡" ጥራይ ኢለያ።

ክፍለ ምሉእብርሃን - ጸሮና

## ጽምዶ ቀራና መገዲ!

*ሓምለ 2012 - 10:30 ቅ.ቐ.*

ኣብ ርእሰይ ዝውሕዝ ዘሎ ሓሳባት ፈጺመ ክቈጻጸሮ ኣይከኣልኩን። መሬት ወጊሓ ክሳብ ትዓርብ ሓሳበይ ብእኡ ተባሒቱ። ኣብ ውሽጠይ 'ደጊም ኣኺልኪ ኢኺ'ሞ ዝግበር ግበሪ!' እናበለ ዝደፍኣኒ ሓይሊ ምዕጋቱ ስኢነ። ናይ ብሓቂ ኣኺለ'ድየ ዋላ ዋዒ እዩ ምርዳእ ኣብዩኒ። 'እዚ ዕድመ'ዚ ስራሐ ዝኣትወሉ ዕድመ'ንድዩ' ኢለ ንነብሰይ ይሓታ'ሞ፡ 'ስቕ ኢልኪ ትምህርትኺ ወድኢ' ዝብል መልሲ እረክብ። ተመሊሰ ኸኣ 'ደንጕኺ ከማን! ኣብዚ ግዜ ዘይተጀመረ ደኣ መዓስ ክውዳእ፧' ዝብል ሓሳብ ሃንደበት ብልጭ ይብለኒ።

ህይወት ተመሃራይ ዝጸልኦ ኰይነ ኣይኰንኩን። ብፍላይ ምህርቲ ጓል ኣዝያ'ያ ተቐንኣኒ። በዚ ከይኰይኑ ኣይተርፍን ኮለጅ ብምእታወይ ንነብሰይ ከም ዕድለኛ ዝቈጽራ። እሞ ነዚ ተመሪቐ ዝተማህረት ጓል ናይ ምኳን ዕድል፡ ስራሕ ኣመኽንየ ክኸስሮ ማለት ድዩ? ጕድኒ ጕድኒ ናቱ ኸኣ ከም ሰሪሕካ ምእታው ገይሩ ዘብህገኒ ነገር የለን። በቃ! ብዙሕ ምስ ሰብ ክትራኸብ ዘየኽእለካ ስራሕ፣ ዕግበትን ገንዘብን ትረኽበሉ ሃለኽለኽ፣ ዓዪኻ ገዛኻ ክትኣቱ ናይ ወትሩ ምንዮተይ'ዩ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ካብ ንእስነተይ ዝብህጎን ክሰርሓሉ ዝደልዮን ሞያ ክሰርሕ ዕድል ብምርካበይ፡ 'ነቲ ሰሪሕካ ነብስኻ ምኽኣል' ዝብል ሕማም ውሽጠይ ጸንበለል ኣቢሉዎ። ትምህርቲ ኣመኽንየ እንድየ'ሞ ናይ ዝፈትዎ ስራሕ ዕድል ክኸስሮ። ኣብ ስራሕ ጽቡቕ እንተ መጺአ፡ ምኽንያታት ፈጢረ ምቐጸልኩዎ፣ ግን ኣብ ህይወት እታ ዝጸልኣ ጣዕሳ ከይትመጽኣኒ እፈርሓ። ምስ ሕልናይ ከይበኣስ እምበር ሰብ ዝብሎ ኣፍሪሑኒ ኣይፈልጥን። ኣብ ጕዕዞይ ከይወድቕ ሰጊአ ኣይፈልጥን። ወዲቐካ ምትንሳእ ከም ዘሎ ስለ ዝኣምን'የ መስለኒ። ስለዝኾነ'ዩ ኸኣ ውሽጠይ ኣራቒቐ ክሓስበሉ ከም ዘለኒ ዘዘኻኽረኒ። ወርሒ መስከረም ካብዚ ኣብዚ ዘለኹዎ ቀራና መገዲ፡ ናብ ሓዲኡ ከብል ከም ዘለኒ መመሊሳ ተሕስበኒ። እቲ ዝዓበየ ነገር ግን ኣብ ዝሓዘኩዎ ነገር ብልጽቲ ክኸውን ከም ዘለኒ ነብሰይ ኣሚናትለይ ኣለኹ። ኩሉ እቲ ህይወት ከኣ ኣብ ዝባነይ ክሕንገጦ እየ።

ዮል - ኣስመራ

## እምበርዶ?

/12 ግንቦት 2015/


ዘይከምቲ ንቡር ኣብ ፍቕሪ
ዘይተለምደ፡
ተውሳኺትለይ ኣነ፡ ናትኪ'ዩ
'ቲ ዕድመ
ግዳ ምስ ኰነ...
ድቦላይ ከፋኸሱ፡ ከጣልል
ሓሊነ፣
ሕልናይ ትማሊ ምስ ሎሚ
ባእሲ ኰይኑ ዲቕ ዝበለ ረጽሚ
ትማሊ ኣብ ልቦና ተወጢሓ
ሜዳ ርእሰይ ትመላለሶ
ባሕትያ መታን ክትሕዞ፡
ሎሚ ድማ ጽባቐ ሓዚላ
ዕደ ነሳእኪ ትብላ
በቃ
ሱቕ ኢለን ሕኒን ይብሃላ
እቲ ገርሂ ልባ'የ
እምበርዶ ከፍቅረኪ'የ!፧

***

ሚልዮን ተኽለ

## ዘይምኖ ጥዑም ሕልሚ

*27 ሓምለ 2024*



ኣብ ጥዑም ሕልሚ እየ ቀንየ፣ ከይደቀስካ እትሓልሞ ሕልሚ። ብሰንኪ ነቲ ዝደለኻዮን ዝሃረፍካዮን ምስኣን ዝብገስ ጥዑም ሕልሚ'ዩ። ኣረ ሓንሳእሲ ካብ ልክዑ ዝሓለፈ ይኹነኒ፣ ክበራበር እናደለኹ እንክለኹ፡ ይጥዕመኒ'ሞ እናሰማዕኩ ምሕላም እቕጽል። ወዮ ጥዑም ዘይትጸልእ ነብሲ ብግደኣ፡ ነቲ ኣብ ውሽጠይ ዝተቓነየ ዘይመንዎ ኣሳእል እናሻዕ እናተኳተኹት ንሓሳበይ ናብ ፋሕፋሕ ዝብል ጓህሪ'ያ ትቕይሮ። ሽው ዝያዳ ደስ ይብለኒ። ከይተፈለጠኒ ኣዕሚቐ እጥሕል። በቃ! ትም ኢለ እህውትት፣ ብእኡ ኣቢለ ኸኣ ሓዳስ ዓለም እፈጥር። እዚ ክኸውን ዘበገሰኒ ግን ዝደለኹዎ ምስኣን'ዩ። ዝደለዮ ካብ ዝስእን ድሮ ልዕሊ ክልተ ሰሙን ኣቑጺረ ኣለኹ። ብዘይፈልጦ ስምዒታት ካብ ዝግዛእ'ውን ውሑድ ኣይገበርኩን። ህዋሳተይ ኣግዲያሙኒ ግዲ ኰይኖም ካብ ቀጽጽረይ ወጻኢ ኰይኖሙኒ። ኣዒንተይ ካብቲ ዝፈትዎን ዘፍቅሮን ዝዓበኹሉ ከባብን መተዓቢተይን ሰጊረን ጠሚተን። ንዘይፈልጦ ሓዲሽ ሸታን ጣዕምን ከስተማቕር ካልእ መገዲ መሪጸ። ወይ ጉድ፡ እቲ ብዋዛ ዝፈልጦ ዝነበርኩ ፍቕሪ'ባ ኣይድቃስ ኣይሰራሕ ገይሩ ዓዲ ውዒል ገይሩኒ። ብኣካል ጣዕሙ ኣስተማቒረዮ፣ ብዘይፈልጦ ጣዕምን መቐረትን ሓሳበይ ተጠማዚዙ።

ኣብኡ ክህሉ ኸኣ እደሊ። ዝፈትዎ መግቢ ኣብ ሰሙኑ ምጽላእኩዎ እኸውን እየ፣ ንፍቕሪ ግን ፍጹም ኣይምጸላእኩዎን። ፍቕረይ ንሓንቲ ደቒቕ'ኳ ካባይ ክፈልዮ ፍቓደኛ ኣይኰንኩን። ኣኣብ ደቓይቕ ምሳይ ኣብ ሕቝፌ ጸጋማይ ኣፍልበይ ክህሉ እደልዮ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ "ንዘተፋቐራ ልብታት ቦታን ሃይማኖትን ይውስነንዶ?" ኢለ እሓስብ። ከይጸናሕኩ ግን ከም ሕማቕ ፋል ሓሲበ፡ ገጸይ ኣዕቲበ ገደብ ክገብረሉ ምስ ውሽጠይ እቃለስ። ነዛ ናይ ሄለን መለስ ደርፊ፤

"... ኣሚነሉ ፍቕሪ ካብ ሞት ምሕያሉ
እንሆንዶ ኣዒንተይ ዒላ ማይ መሲሉ..."

እናሻዕ ብውሽጠይ ይደጋግማ።

መኽሰብ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ERITREA
## Specific Procurement Notice
## Request for Proposal [RFP] Services
## (One-Envelope Bidding Process)
## Ministry of Education

Name of Assignment: **Education Management Information System (EMIS)**

**Software development**

RFP Reference No.: **GPE II/PMU-MOE/S/001/2024**

Country: Asmara/ Eritrea

Date: September, 2024

1. **T**he Government of the state of Eritrea has received a Grant from GPE (Global Partnership for Education-GPE II) and plans to utilize part of the proceeds to finance the developing of an Education Management Information System (EMIS-software) to provide a relevant educational information to various department within the ministry. The Client now invites proposals to provide the services (hereinafter called "Services").

2. **Scope of Work:**

General

The requirement is to develop the EMIS software and database as defined in the Technical Requirement Specifications. The whole of the country of Eritrea is to be covered. Users of the EMIS will be based at the Ministry of Education within Asmara and also educationalists at the Zoba and Sub Zoba offices. School administrators at those schools that adopt the school record keeping component are also system users.

Specific activities

- The requirement is to develop the EMIS software and database as defined in the Functional and Technical Requirement Specifications.
- Additionally there is a requirement to fully document the developed system.
- There is a requirement to produce suitable training material.
- Conduct training
- There is a requirement to test the developed system. This test must consist of system testing (performed at the Consultant premises and fully documented) and also to participate in a user acceptance test.

More details on the Services are provided in the RFP document as well as the Terms of Reference.

3. This Request for Proposals (RFP) has been addressed to all potential bidders
4. It is not permissible to transfer this RFP to any other firm.
5. A firm will be selected under Full Technical Proposal (FTP) format as described in this RFP.

   1 – Request for Proposals Letter

   2 - Instructions to Consultants and Data Sheet

   3 - Technical Proposal (FTP) - Standard Forms

   4 - Financial Proposal - Standard Forms

   5 - Terms of Reference

   6 – Contract Agreement

6. Please submit us your final (Tech. & financial) proposal by October 15, 2024 (10:00a.m local time at PMU-MoE conference room) in writing to:
   Project Management Unit of the Ministry of Education (PMU-MOE)
   Attention Mr. Mebrahtu Gilagaber, General Manager PMU-MoE and/or
   Mr. Esayas Tesfai, Head of Procurement PMU-MoE

   Street Address: Hday 748-1
   Floor/Room number: Dembe Sembel, Block "A", First Floor
   ZIP Code: 748-1
   City/Country: Asmara, Eritrea
   Telephone: 291-1- 15 1614/002917218050/002917267380
   Facsimile 291-1-152181,

   or by E-mail mgilagaber2019@gmail.com

   esumesgana4411@gmail.com
7. Details on the proposal's submission date, time and address are provided in Bid Data sheet and Section 2. Technical Proposal – Standard Forms 17.7 and 17.9.
8. Delay from the specified time will lead to rejection of the offer.
9. The RFP may be taken free of charge during office hours (from Monday-Friday)
10. The bidder must submit the Expression of interest letter and may obtain further information at the address above during working hours, Monday-Friday.

---

ብስም ኤልሳ ይሕደጎ ጉብረ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00000625 ዝፍኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ በላ ቁ.ገዛ 18 ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ ንኣቶ ታዴኤል ከርስ ሃይለ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና እምባ ቁ.ገዛ 2 ካብ ዕለት 01/09/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፤ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ሰልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይማዘለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ኤልሳ ይሕደጎ ጉብረ

---

ብስም ኣምለሱት ተስፋምርያም ዑቕባሚካኤል ተመዝጊቡ ኣብ ዓመት 2005 ብዶዲ ጎዳይፍ ዝተዋህበ ናይ ጤሳ ምርሒት ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝበል እንተሎ ብቁ/ተሌ 07532807 ወይ ንገይ መደበር ፖሊስ ሓቢሩ ከቕርበለይ እሓትት፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ንክወሃበኒ ከመልክት ምኳነይ እገልጽ፡፡

ኣምለሱት ተስፋማርያም ዑቕባሚካኤል


ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# ሃገረ ኤርትራ
# ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ጋብላዊ ቆፎ

## ምንጪ ዘላቒ ቀረብ መዓር




መዓር፡ ኩሉ ዝብህጎ ፍርያት እዩ። ግና ኸኣ ኩሉ ሰብ ብቐሊሉ ክረኽቦ ኣይክእልን

**ጋብላዊ ቆፎ፡**

- ኣብ ሓጺር እዋን ንኹሉ ህዝቢ ከዕግብ ዝኽእል መዓር ኣብ ምፍራይ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ዓይነት ቆፎ'ዩ።

- ኣብ ከባቢና ካብ ዝርከብ ጥረ ነገራት ከም ዒባ፡ ምሩጽ ሓመድ፡ ሻምብቆ፡ ላኻ፡ ወዘተ ብቐሊሉ ይስራሕ።

- ካብ ባህሪያዊ ነገራት ዝተሰርሐ ብምዃኑ፡ ብኣናህብ ኣዝዩ ፍቱው ዓይነት ቆፎ እዩ።

- ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ክሳተፍ ንዝደሊ ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ዝደለዮ ብዝሒ ቆፎ ሰሪሑ፡ ዕስለ ከራብሕን ቀጻልነቱ ከውሕስን የኽእል።

- ርቡሕ ምህርቲ መዓር ክተፍሪ የኽእል፡

ስለዚ፡ ኩሉ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክነጥፍ ዝደሊ ሰብ፡ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ብምኻድ፡ ሓበሬታ ኣገባብ ኣሰራርሓ ናይዚ ቖፎ ክወስድ ይከኣል።

**ጋብላዊ ቆፎ ብምስራሕ፡ ኣብ ሓጺር እዋን፡ ምህርቲ መዓር ነውሕስ!**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዩኤል ማልያኡ ዓቂቡ




ኣብል ባይክ ዩኤል ሃብተኣብ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ንዘለቦ ማልያ ኣንበሳ ዓቀብ ዘር ፖያንግ ሌክ፡ ሕጂ'ውን ዓቂብዋ ኣሎ።

እዚ ዘር፡ ትማሊ 120.5 ኪሎሜተር ብእትሸፍን ሻሙናይቲ መድረኽ እዩ ቀጺሉ። ንሳልሰይቲ መድረኽ ተዓዊቱላ ዝነበረ ኢስቶንያዊ ማርቲን ላስ ከኣ፡ ብ2 ሰዓት፡ 34 ደቒቕን 44 ካልኢትን ደገሙ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቡ። ኤርትራውያን ደቂ ጋንታ ዩኤልን ዳዊት የማነ ከኣ፡ ብተመሳሳሊ ግዜ መበል 24'ን 53'ን ኣትዮም።

ንቦጫ ማልያ ኬን ሪቻርድስ ብ16 ሰዓት፡ 6 ደቒቕን 26'ን ክሉብሳ እንከሎ፡ ብቐጠልያ ማልያ፡ ፒትር ሬኩኖቭ ብ88 ነጥቢ ለቢሱዋ ኣሎ። ዩኤል፡ ብ25 ነጥቢ ጸዕዳን ቀያሕን ነጠብጣብ ማልያ ኣንበሳ ዓቀብ እንክሉብሶ፡ ዳዊት የማ ብ19 ነጥቢ ይስዕቦ።

እዚ ኣብ ቻይና ንመበል 12 ግዜኡ ዝቕጽል ዘሎ ውድድር፡ ሎሚ 115.8 ኪሎሜተር እትሸፍን ታሸዓይቲ መድረኽ ክሰላሰል እዩ።

## ኦደጋርድ፡ ምስ ቶተንሃም ኣብ ዝካየድ ግጥም ምስላፉ ኣጠራጣሪ ምዃኑ ተገሊጹ

ሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል ማርቲን ኦደጋርድ፡ ሰንበት ኣንጻር ቶተንሃም ኣብ ዝካየዱዎ ጸወታ ህላወኑ፡ ኣጠራጣሪ እዩ - ሰሪቲ ሰኑይ ምሸት ዘጋጠሞ መጉዳእቲ።

ኦደጋርድ፡ ኣብታ ሃገሩ ኖርወይ ንኦስትሪያ 2-ብ1 ዝሰዓረትሉ ናይ ኔሽንስ ሊግ ጸወታ እዩ ኣብ ካልኣይ እብረ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ተቐይሩ ወጺኡ። ናይ ዓንካር ዓንካሪቶ መጉዳእቲ ዘጋጠሞን እናኑበዐ ክወጽእ ዝተቐሰበን እዚ ኣኸፋፋሊ፡ ትማሊ ሰሉስ ናብ ከተማ ለንደን ምርኩስ ተደጊፉ እዩ ተመሊሱ። ኣርሰናል፡ ሰንበት ምስ ቶተንሃም ኣብ እተካይዶ ናብ ደርቢ ለንደን ጸወታ ግን፡ ኣጠራጣሪ ከምዝመስል ተገሊጹ። እቲ ዝዓበየ ስግኣት ግን፡ መጉዳእቱ ንነዊሕ ግዜ ካብ ጸወታ ከይኣልዮ እዩ።





ደክላን ራይስ ብሰንኪ'ታ ኣንጻር ብራይተን ኣብ ዝተዓደዉዋ ጸወታ ዝወሰዳ ቀይሕ ካርድ (ክልተ ብጫ) ኣብዚ ጸወታ ደገ ከሰራቶ ዘሎ ኣርሰናል፡ ሓዲሽ ኣከፍዳሊእ ሚኬል መሪኖ እውን ኣብ ቀዳመይቲ ልምምድ ብሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ከሰራቶ ትርከብ። ኦዴጋርድ፡ በዚ ተገሚትዎ ዘሎ እንተበርኩሩ ከኣ፡ ነዚ ማስመር ከቢድ ክሳራ እዩ፣ "ኣብ ርእሲ ጉርንጉራት መንደዓት" እዩ ነገሩ።

ኣቐዲሙ፡ ኢጣልያዊ ተኸላኻሊ እዛ ጋንታ ሪርዶ ካላፊዮሪ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ናብዛ ጋንታ ተመሊሱ እዩ። ነዚ ጸወታ ከርክበላ ይሰርሕ ምህላዉ'ውን፡ ጋዜጣ ስካይስፖርት ሓቢራ።

## "ዳኛ፡ ንራይስ ምብራሩ ቅኑዕ ነይሩ" ቦርድ

ማእከላይ ዳኛ ክሪስ ካቫናግ፡ ኣርሰናል ምስ ብራይተን ማዕረ ኣብ ዝወጸትሉ ግጥም ንደክላን ራይስ ብቐይሕ ካርድ ምብራሩ ቅኑዕ ምንባሩ፡ ሰሙናዊ ንቐንዲ ፍጻመታት ዓውደ ዙሩ ብምክያድ ዝምዝምዝ ቦርድ እቲ ሊግ ገሊጹ።

ኣብታ ብ31 ኑሓሰ ዝተኻየደት ጸወታ፡ ቀድማ ዕረፍቲ ብጫ ካርድ ወሲዱ ዝነበረ ራይስ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ናጻ ቅላዕ ክዝርም ንዝደሊ ዝነበረ ተጻዋታይ ብራይተን ከዕሶ ተኾኒዩ ብምእላዩ እዩ - ቅልጡፍ ምጅማር ጸወታ ኣደናጊኻ ተባሂሉ ብኽልተ ብጫ ካርድ ተባሪሩ። ካልኣይቲ ብጫ ካርድ ዘይቅበልቲን ክትወሃቦ ዘይግብኣን ምንባሩ ዝዘረቡ ወገናት ድማ ነይሮም።

እንተኾነ ንተግባራቱ "ንጹር፡ ብዕላማን ጸልዋ ዘሕደረን" ኢሉ ዝገለጾ ንዓብይቲ ፍጻመታት ፕሪመር ሊግ ዳግማይ ዝርኢ ቦርድ፡ እታ ካልኣይቲ ብጫ ካርድ ቅንዕቲ ምንባራ ብምግላጽ ምስ ውሳነ ዳኛ ተሰማሚዑ። "ራይስ እንታይ ይገብር ነይሩ ይፈልጥ እዩ፣ ቀላል ምትንካፍ እያ፡ እንተኾነ ዳኛ ክሳብ ዝረኣያ ዘኾነ ምርጫ ኣይነበሮን።" ኢሉ።

ሳልሰይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኣ ኣብ ሜዳኣ እተካይዳ ዝነበረት ኣርሰናል፡ ንቐዳማይ እብረ ብምዕብላል ኣብ መበል 38 ደቒቕ ብመገዲ ካይ ሃቨርትዝ ሸቶ ኣቐጺራ 1-ብ0 መሪሓ ነይራ፣ ናይ 100 ሚኢታዊት ጸቡቕ ጎዕዞኣ ትቕጽሎ'ውን መሲላ ነይራ።

ይኹን'ምበር፡ ወሳኒ ኣከፋፋሊ ራይስ ኣብ መበል 49 ደቒቕ በዚ ፍጻመ ድሕሪ ምብራሩ፡ ጸወታ ሚዛኑ ክቕይርን ብራይተን ጸቕጢ ክትገብርን ጀሚራ። ኣብ መበል 58 ደቒቕ ከኣ ካብ ጃኦ ፔድሮ ብዝረኸበቶ ሸቶ 1-ብ1 ተፈላልዮም። ኣብታ ዕለት፡ መበል 245 ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኡ ዘካየደ ዝነበረ ራይስ፡ ንፋልማይ ግዜ ካብ ሜዳ ተባሪሩ።





### ውድድር ኩዕሶ ሰኪዐት ተኻዪዱ

ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ቀዳማይ ዲቪዥን ኩዕሶ ሰኪዐት፡ ኣብ ደገ ዝቡሩ ኤርትራውያን ንዘወፈዩዋ ዘዋሪት ዋንጫ ንምዕታር፡ ዝሓለፈ ሰንበት ናይ ኣወዳቕካ ምሕላፍ ውድድር ጀሚረን።

ኣብዚ ንሳልሳይ ግዜኡ ዝቕጽል ዘሎ ውድድር፡ ፊሎማ ብደሆን በፈርን እያን ተጻዊተን፡ ብደሆ 54-ብ48 ተዓዊታ። ሰዓብን ካብ ዝተጻወታ ጋንታታት ድማ፡ ሓይሊ ኣየር 47 ብ40 ንምኳ ሰዒራታ።

ኣብዚ ናይ ዘዋሪት ዋንጫ ውድድር፡ ሓንቲ ጋንታ ሰለስተ ግዜ ዝ ጸዋእ ምስ እተልዕላ እያ፡ ዋንጫታ (ንሓላላ) እትገብራ። ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወት ከኣ ኣርባዕተ ኣስመራ እያ ነይራ።

## ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ስልጠና ሂቡ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ካብ 3 ክሳብ 9 መስከረም ኣብ ኣስመራ ንትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ትሰፉዋት ዲያት ብኽልቲኡ ጾታ ስልጠና ሂቡ።

እዚ 28 ደቂ ተባዕትዮን 28 ደቂ ኣንስትዮን ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት 60 ተኻእቲ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዲያት ንምስልጣን ዝጀመረ ስልጠና እዩ።

ትሕዝቶ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ኣብ እዋን ጸወታ ዘድሊ ቴክኒካዊ ኣፍልጦን ኣገባብን፡ ሜላታት ጥንዴራ ተሰኪምካ ኣብ ማስመር ምጉያይ፡ ኣካላዊ ብቕዓት ምምዕባል፡ ቀድሚ ጸወታ ዝግበር ኣእምሮኣውን ቴክኒካውን ምድላዋትን ካልኦት ተዛመድቲ ሓገዝቲ ኣርእስታትን ዝሓዘ ነይሩ።

ዕላማኡ ድማ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ዓቕሚ ዳንት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ንምዕባይን ተወሃቦ ዘለዎም ንምልላይን ምሕብባላን እዩ። ናይ ዞባታት ዓቕሚ ብምምዕባልን ብምህብታምን ከኣ ኣብ ዞባታት ንዝዋባዑ ወድድራት ንኽናጽጹ ዝዓለመ እዩ።

ከም ኣሰልጠንቲ ኮይናም ዝተሳተፉ ሽውዓተ ኢንስትራክተራት፡ ብዝዕባዞም ስልጠንቲ ኣብ ዝሰብዎ ቃል፡ ኩሎም ኣቲ ዝተዓለወሎም ኣካላዊ ፈተናታት ኩሓልፉ ስለዝኽኣሉ፡ ዘርኣይዎ ደረጃ ካቡቲ ኣብ ቀጻማይ ዓመት ዝነበረ ኣገዳ ዝሓሸ ምንባሩ ገሊጾም። ኣብቲ ኣብ ዞባታት ዝዓለው ውድድራት ተሳትፍቲ ክኾኑ ምልዕዎም ድማ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ቀጺሉ

### ሓይሊ ኣየር፡ ፓራዲዞን ዕዳጋ ሓሙስን ምሕላፈን ኣረጋጊጸን

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ስታድዮም ኣስመራን ካምቦ ቼቸቮን ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን 3-ብ2፡ ሓይሊ ኣየር ንገጀረት፡ ፓራዲዞ ንደንደን ከምኡ'ውን ሓይሊ ባሕሪ ንኣኽርያ ብተመሳሳሊ 2-ብ0፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንጸጸራት 3-ብ2፡ ሰሞበል ንማይተመናይ 1-ብ0፡ ንጉዳዊ ባንክ ንቲራቮሎ 2-ብ1፡ መረብ ሰቲት ከኣ ንዝ ጣንዳ 5-ብ1 ሰዒረናአን።

ዛጊት ኣብ ምድብ 'ሀ' ዝጠዘላ ጋንታታት ሽሹዱሽተ ግጥማት ከኪዮዳ እንከለዋ፡ ተመሳሳሊ 16 ነጥቢ ዝኣከባ ሓይሊ ኣየርን ፓራዲዞን ምሕላፈን ኣረጋጊጸን። ኣብ ምድብ 'ለ' ድማ፡ 16 ነጥቢ ዝኣከበት ዕዳጋ ሓሙስ ምሕላፋ ከተረጋግጽ እንከላ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ግጥም ካብ መረብ ሰቲት፡ ቲራቮሎን ዘራእትን ጥሪትን እትሰዕብ ጋንታ ክትፍለጥ እያ።



## ደፓይ፡ ምስ ኮሪንቲያንስ ተጸምቢሩ

ሆላንዳዊ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ መምፊስ ደፓይ፡ ብናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ምስ ብራዚላዊ ክለብ ኮሪንቲያንስ ተጸምቢሩ።

ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ካብ ማድሪድ ድሕሪ ምውጻኡ ውዕል ኣልቦ ዝጸንሐ ደፓይ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ከምቲ ዝድለ ኣድማዒ ከምዘይነበረ ይትንተን። እዚ ወዲ 30 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ኣብ 30 ግጥማት ክሰለፍ እንከሎ፡ ትሸዓተ ሸቶታት ጥራይ ኣመዝጊቡ።

ኣብ 2011 ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ ምስ ናይ ሃገሩ ክለብ ፒኤስቪ ዝጀመረ ደፓይ፡ ምስዚ ናብ ታሕተዋይ ሊድ ከይትወርድ እትቃለስ ዘላ ሓዳሽ ክለቡ፡ ክሳብ ታሕሳስ 2026 ዝጸንሐ ውዕል ፈሪሙ ኣሎ። ደፓይ፡ ቅድሚ ኣብ 2023 ናብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ምጽምባሩ፡ ንክለባት ማን ዩናይትድ፡ ልዮንን ባርሰሎናን ተጻዊቱለን እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ደፓይ፡ ኣብቲን ዝሓለፋ መዓልታት ኣብ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ብኣሰልጣኒኡ ሮናልዶ ኮማን ኣይተመረጸን። ናብ ብራዚል ምግዓዙ ግን፡ ሚዕዶ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ከምዘይተዓጽዎ እቲ ዓላሚ ገሊጹ ኣሎ።




መምፊስ ደፓይ (የማናይ)

ሆላንዳዊ ስቶቨን በርግዊን ናብ ስዑዲ ዓረብ ብምኻዱ ዝቖፎ ኮማን፡ "ምግዓዝ በርግዊን ይቃወሞ እዩ። ናይ መምፊስ ግን፡ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ደረጃ ሊግ ብራዚል ዝተፈልየ እዩ። ስለዚ እዉ፡ ጌና ኣካል ሃገራዊት ጋንታ ክኸውን እዩ፣ እንተኾነ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓቱ ዝምርኩሰን ደረጃኡ ምስ ዝበጽሖን እዩ፣" ብምባል፡ ናይ ክልተኦም ምትዕርራር ዝተፈልየ ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ።

ኮማን ዝሓለፈ ሰሙን፡ "በርግዊን ናብ ስዑዲ ዓረብ ምኻዱ ናይ ስፖርት ድሌት ከምዘይብሉ ዘርኢ እዩ፣" ክብል ናይዛ ጋንታ መጽሓፉ ከምዝተዓጽወ ገሊጹ ምንባሩ ይዝከር። ኣብ ትሕተኡ ክስልጥን ከምዘይደሊ'ውን - በርግዊን መሊሱሉ እዩ።

### "ኣብ ባሎን ዲ'ኦር ክምረጽ ይግበኣኒ ነይሩ" ሮድሪጎ

ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ሮድሪጎ፡ ኣብ ሓጺር ዝርዝር 30 ሕጹያት ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ዘይምእታዉ ከምዘገሮዎ ብምግላጽ፡ ይግባኣ ምንባሩ ተዛሪቡ።

እዚ ብራዚላዊ፡ "ንየም ዝተመርጹ ተጻወትቲ ከኣእስ ኣለ ኣይብሃሉን፣ ይግባኦም እዩ፣ እንተኾነ ኣነ'ውን ክምረጽ ዝግበኣኒ ይመስለኒ፣" ክብል እዩ ምስየም ሕጹያት ዘይምክታቱ ከምዝይተሓጎሰ ገሊጹ።

ኣብዚ ሽልማት፡ ኣብ ሪያል ማድሪድ ደቂ ጋንታኡ ዝኾኑ ቪንሽየስ ጁንየር፡ ጁድ በሊንግሃም፡ ቫልቨርደ፡ ሩድገር፡ ካርቫሃልን ጥሮታ ዝወጸ ቶኒ ክሩስን ምምራጾም ይፍለጥ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቓዛ - ልዕሊ 2.2 ሚልዮን ሰባት ተጸበይቲ ህጹጽ ረድኤት ይኾኑ

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ ኣልማማ ደብዳብ፡ ልዕሊ 2.2 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ተጸበይቲ ህጹጽ ረድኤት ኮይኖም ከምዘለዉ ተገሊጹ።

በዚ ልዕሊ 11 ኣዋርሕ ኣቝጺሩ ዘሎ ደብዳብ እስራኤል፡ ልዕሊ 96 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ቓዛ ንክቱር ጥሜት ተቓሊዖም ከምዘለዉ፡ እዩ ዓለምለኻዊ ናይ መግቢ ፕሮግራም ዝሓበር ዘሎ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ካብ ዝርከብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ እተን ልዕሊ 85 ሚእታዊት ብሰንኪ ኣልማማ ደብዳብ እስራኤል ድሕሪ ምዕናወን፡ ልዕሊ 630 ሽሕ ተማሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ በኹሮም ከምዘለዉ'ዮም ጸብጻብት ጠቒሶም።

ብተወሳኺ፡ ልዕሊ 30 ሽሕ ተማሃሮን መማህራንን'ውን ብሰንኪ'ቲ ወግእ ከምእተቐትሉ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ዕድል ናይቶም ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንሓደጋ ተቓሊዖም ዘለዉ ህጻናት የበላሹ ከምዘሎ ክገልጽ ዝጸንሐ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ወገናት ቅልጡፍ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር እዩ ጸዊዑ።

ኣብ እዋን ኩናት፡ ህጻናት እቶም ቀዳሞት ተጠቃዕቲ ምዃኖም ዝጠቐሱ ጸብጻብት፡ ብዙሓት ካብዞም ቆልዑ ብመጥቃዕትታት እስራኤል ሂወቶም ከምዝሰኣኑ፡ ከምዝቖሰሉን ገለ ድማ እቲ ውግእ ኣብ ኣእምሮኦም ከቢድ በሰላ ይገድፈሎም ከምዘሎን እዩ እቲ ውድብ ብተወሳኺ ዝሕብር።

ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ልዕሊ 41 ሽሕ ፍልስጤማውያን ከምእተቐትሉ ጸብጻብት የመልክቱ።



## ቻይናን ሩስያን፡ ልምምድ ሓይሊ ባሕርን ኣየርን የካይዳ

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ፈደረሽን ሩስያን ካብዚ ወርሒ'ዚ ጀሚረን ሓባራዊ ናይ ሓይሊ ባሕርን ኣየርን ልምምድ ከምዘካይዳ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቻይና ሓቢሩ።

እቲ ተወጢኑ ዘሎ ናይ ሓይሊ ባሕርን ኣየርን ልምምድ፡ ኣብ ሰሜናዊ ጎማግም ባሕሪ ጃፓን ከምኡ'ውን ኣብ ርሑቕ ሰሜን ኣብ ዝርከብ ባሕሪ ኣክትሰክ፡ ከምዝካየድ'ዩ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቻይና ኣብ መግለጺኡ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ፈደረሽን ሩስያን፡ ኣብ ምዕራባዊ ሸነኽ ሰላማዊ ውቅያኖስ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣካዪደን ምንባረን ዝዝከር እዩ።

ስትራተጂያዊ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ሩስያን ቻይናን ንምምዕባል፡ ሰቡመዚ ክልቲአን ሃገራት ሓቢርም ይሰርሑ ከምዘለዉ ዝገለጸት ቻይና፡ እቲ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ዝካየድ ወተሃደራዊ ልምምድ ድማ ክልቲአን ሃገራት ጸጥታዊ ስግኣት ብሓባር ንኽምከታ፡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘህልዎ'ያ ሓቢራ።

ኣብዘን ዝሓለፋ 2 ዓመታት ብፍላይ፡ ኣብ ጸቢቕ ደረጃ በጺሑ ዘሎ ዝምድና ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ፈደረሽን ሩስያን፡ ንቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊን ዝምድናታት ክልቲአን ሃገራት ሰጊይ ከምዝሰኸሎ እዩ ጸብጻብት ዘመልክቱ።



## ቬትናም፡ ብህቦብላዊ ማዕበል 65 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ቬትናም፡ ብህቦብላዊ ማዕበል 'ያጊ'፡ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ናብ 65 ክብ ከምዝበለ ተቓሊሑ።

ብተወሳኺ፡ ህቦብላዊ ማዕበል 'ያጊ' ብዘስዓቦ ሓደጋታት ምህማም መሬትን ዕልቕልቕን ካልኦት ልዕሊ 39 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላው፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል እዩ ዝሕብር ዘሎ።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ካልኦት ልዕሊ 752 ሰባት ቆሲሎም ከምዘለዉ ዝገለጹ ሳዕለዎት ሰቡመዚ'ታ ሃገር፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ'ውን ከቢድ ዕንወት ወሪዱ ከምዘሎ ኣመልኪቶም።

ኣብ ርእሰ-ከተማ ቬትናም ዝኾነት ከተማ ሃኖይ፡ መጠን ምልኣት ማይ ኣፍላጋት ናብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ብምህላው፡ ኣብቲ ከባቢ ተወሳኺ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ከይኽሰት ስግኣት ከምዘሎ እዮም እቶም ሰቡመዚ ብተወሳኺ ኣተሓሳሲቦም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ቬትናም ፋም ሚን፡ ኣብዚን ብህቦብላዊ ማዕበል 'ያጊ' ብኣሉታ ዝተጸልዋ ኣውራጃታት ዝውዕል ኣስታት 4 ሚልዮን ዶላር ከምዝሰልዐ እዩ ተሓቢሩ።



## ሱዳን- ብዕልቕልቕ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ብኣሉታ ተጸልዮም

ኣብ ሱዳን ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ብኣሉታ ከምእተጸልዉ፡ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

በዚ ኣብ ሰፈሕ ከባቢታት ደቡብ ዳርፉርን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እታ ሃገር ዝርከብ ክፍላተ-ሃገራትን ተኸሲቱ ዘሎ ሓያል ዕልቕልቕ፡ ልዕሊ 39 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 112 ድማ ብከቢድ ቆሲሎም ከምዘለዉ እዩ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ እቲ ዕልቕልቕ ብዘስዓቦ ብኸላ ማይ፡ ኣስታት 2900 ሰባት ብሕማም ሽሮኽ ከምእተለኽፉ እዩ ዝንገር ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ደቡብ ዳርፉር ንጥሜት ተቓሊዖም ንዘለዉ 6000 ህጻናት ህጹጽ ናይ መግቢ ሓገዝ ከምዘለኣኸ እዮም ጸብጻብት ጠቒሶም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ጫድ ብዝተኸሰተ ተመሳሳሊ ሓደጋ፡ ብውሑዱ 340 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ድማ ብኣሉታ ከምእተጸልዉ ተሓቢሩ።

በዚ ኣብ ሰፈሕ ከባቢታት እታ ሃገር ዝተኸሰተ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ልዕሊ 160 ሽሕ ኣባይቲ'ውን ከምዝፈረሰ እዩ ዝንገር ዘሎ።

ብዘይካዚ፡ እቲ ዕልቕልቕ ኣብ ሰፈሕ ናይ ሕርሻ መሬት'ውን ከቢድ ዕንወት ከምዘውረደ ይሕበር ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ሊሶቶ'ውን፡ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ኣብ ሰብን ንብረትን ዕንወት ከምዘውረደ እዩ ተሓቢሩ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብታ ሃገር ዝተኸሰተ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ልዕሊ 1 ሰሶ ካብ ነበርቲ ኣብ ዝመጽእ ኣዋርሕ ንሕጽረት መግቢ ክቃልዑ ከምዝኽእሉ እዩ ዝገመት።

ብመሰረት ጸብጻብት- በቲ ሓደጋ፡ ኣብ ሊሴቶ፡ ምህርቲ ሕርሻ፡ ብሓዲ ሰሶ ጎዲሉ ኣሎ።



## የማንን ኢራንን፡ ንደብዳብ እስራኤል ኣብ ሶርያ ብትሪ ይኹንና

እስራኤል ኣብ ሶርያ ብዘካየደቶ ናይ ኣየር ደብዳብ፡ ብውሑዱ 18 ሶርያውያን ድሕሪ ምቕታሎም፡ የማንን ኢራንን ነቲ መጥቃዕቲ ብትሪ ኮኒነኦ።

ኣብ ወሽጢ'ዚ 11 ኣዋርሕ ኣቝጺሩ ዘሎ፡ ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ጥራሕ፡ እስራኤል ኣብ ሶርያ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ከተካይድ ምጽናሓ እዮም ጸብጻብት ዘመልክቱ።

ንመጥቃዕቲ እስራኤል ብትሪ ዝኾነኑ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ፡ እስራኤል ኣብ ሶርያ ተካይዶ ዘላ ተኸታታሊ ንጥፈታት፡ ኣብቲ ዞባ ከቢድ ዕግርግር ክፈጥር ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ብተወሳኺ፡ እስራኤል ተካይዶ ዘላ ጎዳኢ ንጥፈታት ብቕልጡፍ ደው ክተብሎ፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ጻውዒት ክቕርብ ከምዘለዎ'ዩ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ የማን ዝምሕጸን ዘሎ።

እስራኤል በዚ ትማሊ ኣብ ሶርያ ዘካየደቶ ናይ ኣየር ደብዳብ፡ ኣብታ ሃገር ከቢድ ናይ ትሕተ-ቅርጺ፡ ኣገልግሎት ቴሌፎን፡ ማይን ኤሌትሪክስቲን ዕንወት ከምዘወረደ እዮም ጸብጻብት ጠቒሶም።




**ተረኛ ፋርማሲ**
ቤት መሸጣ መድሃኒ ኣስመራ
ፋርማሲ ኣሸፋእ
ፋርማሲ ኤደን

**ዕለት**
11/09/2024

**ጎደና**
ጎደና ሓርነት ቁ.93-ቶቻ መንገዲ ኣየር ኤርትራ
ጎደና ኪልዓው ቁ.57 ኣኽርያ ከባቢ እንዳ ዓሊበኸት
ከባቢ ዩኒቨርስቲ ጥቓ ባርሊድያ

**ቁ.ስልኪ**
120491
07157709
110740

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565